ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.70 ሓሙስ 21 ሕዳር 2024 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ኩነታት ሕርሻን ንጥፈታቱን ኣብ ዓረዛ


ገጽ 4
ኣብ ህይወት እንታይ የድልየካ


ገጽ 5
ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?


ገጽ 7
ደቀምሓረ - ቅድድም ብሽክለታ ቀጺሉ


# መስርሕ ህንጻት ዲጋ ድርፎ፡ 65 ሚእታዊት ተጻፊፉ

ብምትሕብባር ክፍሊ ህንጻዊ ልምዓት ዞባ ማእከል፡ ሚኒስትሪ ሕርሻን ክፍለ-ሰራዊት 60ን ኣብ ቀዳማይ ርብዒ 2024 ዝተጀመረ መስርሕ ህንጻት ዲጋ ድርፎ፡ 65 ሚእታዊት ተጻፊፉ።

ኑቲ ስራሕ ዝመርሕ ዘሎ መሃንድስ ቢንያም ሃይለ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ስራሕ ብዝተሳትፎ ህዝቢ'ቲ ከባቢ ኣብ ፈለማ ወርሒ ጥሪ ከምዝጀመረ፡ ካብ ወርሒ ለካቲት ድማ መጽልታዊ 400 ኣባላት ክፍለሰራዊት 60 እናወፈሩ ብጽቡቕ የሰላስልዎ ከምዘለዉ ኣብሪሁ።

እታ ዲጋ ድሮ 30 ሽሕ ሜትሮ ኩቦ ማይ ኣዋህሊላ ከምዘላ፡ ምስ ተዛዘመት ድማ ዝበለጸ ሃልኪን ልምዓት ጀረዲንን ዝውዕል 200 ሽሕ ሜትሮ ኩቦ ክትሕዝ ከም እትኽእል፡ መሃንድስ ቢንያም ብዝወሃቦ ሓቢሩ።

ኣዚ ክፍለ ሰራዊት 60 ሌተናል-ኮሎኔል የሴፍ ሃይለ ብወገኑ፡ እቲ ኣብ ስራሕ ዝዋሳእ ዘሎ ኣሃዱ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ምዱብ ስራሑ ኣብ ልምዓታዊ መደባት ክሳተፍ ምጅንሑ ብምጥቃስ፡ ዛጊት ተመዝጊቡ ዘሎ ገስጋስ ዝምስገን ምዃኑ ኣገንዚቡ።

ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ድርፎ ኣቶ ዐመር ኢብራሂም ድማ፡ እታ ዲጋ ኣብ ማሕበራቁጠባዊ ህይወት ነበርቲ ማሰተርሆ ከምእትፈጥር ዘለዎ እምነት ብምግላጽ፡ ንኣባላት ክፍለሰራዊት 60 ስለ'ቲ ወፋይ ስርሖም ሞጒሶም።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ነበርቲ ንኡስ ዞባ ኣኸርያ፡ ኑቶም ኣብ ህንጻት ዲጋ ድርፎ ዝሳተፉ ዘለዉ ኣባላት ክፍለሰራዊት 60፡ ብ19 ሕዳር ናይ ምዝንጋዕን እንግዶትን መደብ ኣቐዲሞም።

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣኸርያ ዝጥርነፍ ምምሕዳር ከባቢ ድርፎ፡ 5,500 ትኻኣስ ዝሓቘፉ 650 ስድራቤታት ዝነብርኦ ኮይኑ፡ ካብ ኣስመራ ንሸነኽ ሰሜን 17 ኪሎሜትር ርሒቑ ይርከብ።



# ድባርዋ - ልዕሊ 40 ሓርበኛታት ስንኩላን ተጣዩሶም

ሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኲናት፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ድባርዋ ንዝርከቡ ልዕሊ 40 ኣባላቱ፡ ብምርባሕ ጥሪትን መፍረ ንህብን ኣጣዩሱ።



ዕላማ ናይ'ቲ ናይ ምጥያስ መደብ፡ እቶም ሓርበኛታት ስንኩላን ኑብሶም ክኢሎም ርጉእ ማሕበራውን ቁጠባውን ህይወት ንኽመርሑ ከምዝኾነ፡ ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ ዝተረኽበ ሓላፊ ክፍሊ ውደባን ሓበሬታን ማሕበር ኣቶ መሓመድኑር እድሪስ ገሊጹ።

ኑቶም ብጥሪት ዝተጣየሱ ንፍሲ ወከፎም 10 ሽሕ ናቕፋ ክወሃቦም ከሎ፡ ኑቶም ብመፍረ ንህቢ ክጣየሱ ዝመረጹ ድማ፡ ስልጠና ኣተሓሕዛ ዕስለ ንህብን ምሕደራኡን ከም'ኡ'ውን ንፍሲ-ወከፎም ሓደ ቆፎ ምስ ምሉእ መሳርሒኡን ገንዘባዊ ደገፍን ተዋሂብዎም።

ተጠቀምቲ ናይ'ቲ ዕድል ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ እቲ ዝተገበረሎም ሓገዝ መነባብሮኦም ንምምሕያሽ ዕድል ከምዝፈጠረሎም ብምግላጽ፡ ብማሕበር፡ መንግስትን ሕብረተሰብን ብቐጻሊ ንዝግበረሎም ኩሉመዳያዊ ደገፍን ሓልዮትን ኣመስጊኖም።

# ባረንቱ - ትሕዝቶ ባንክ ደም ንምስሳን 246 ከረጺት ደም ተለጊሱ

ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ትሕዝቶ ባንክ ደም ንምስሳን ብዝወሰድ ዘሎ ወለንታዊ ተበግሶታት፡ ኣብ ከተማ ባረንቱ ዝርከቡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል እዚ ምዕራብን ሰራሕተኛታት መንግስትን 246 ከረጺት ደም ለጊሶም።

ሓላፊ ኮሙኒኬሽን ሓበሬታን ጨንፈር ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደም ኣብ'ቲ ዞባ ኣቶ ኣሕመድ ጣሂር ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ንጥፈታት ልገሲ ደም ብዝተሳትፎ ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ፡ ሰራሕተኛታት መንግስቲ፡ ህዝቢን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ብጽቡቕ ይሰላሰል ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ኣቶ ኣሕመድ ወሲኹ፡ ወለንታዊ ልገሲ ደም ብውሑስ ኣገባብ ንምውህሃል፡ ደቂተባዕትዮ ኣብ ዓመት 4 ግዜ፡ ደቂኣንስትዮ ድማ ኣብ ዓመት 3 ግዜ ክልግሱ ከምዘኽእሉ ብምጥቃስ፡ ተራ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ከምዘገድስ ተላቢዩ።

# ተጋዳላይ ዘሙይ ተወልደመድህን ተሰዊኡ



ጉዳም ተጋዳላይ ዘሙይ ተወልደመድህን ልጃም፡ ብ14 ሕዳር ኣብ ማብል 69 ዓመት ዕድሚኡ ብሕማም ተሰዊኡ።

ኣብ ወርሒ ጥሪ 1975 ናብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈን ኣብ ወርሒ ኑሓሰ 1977 ናብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝተጸንበረን ተጋዳላይ ዘሙይ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ - ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት፡ ኮሚሽን ሰንቂ፡ ሰክረታርያትን መጕዓዝያን፡ ድሕሪ ናጽነት ድማ ኣብ ህዝባዊ ምምሕዳር ተመዲቡ፡ ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ።

ጉዳም ተጋዳላይ ዘሙይ ተወልደመድህን፡ ብዓል ሓዳርን ኣቦ 5 ደቅን እዩ።

ስነስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ብ15 ሕዳር 2024 ኣብ መካነመቓብር ሓርበኛታት መንደፈራ ተፈጺሙ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ብመስዋእቲ ጉዳም ተጋዳላይ ዘሙይ ተወልደመድህን ልጃም ዝተሰመዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራ ቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን ጽንዓት ይምነ።

# ዓንሰባ - ጒስጓስ ጸረ ሃሳዩ ልምድታት ኣዕጋቢ ውጽኢት ይርከቦ

ሃማደኤ ዞባ ዓንሰባ፡ ኣፍልጦን ንቕሓትን ሕብረተሰብ ብሓፈሻ ናይ ኣዴታት ድማ ብፍላይ ኣብ ሳዕቤናት ምኽንሻብ ደቂኣንስትዮን መርዓ ትሕቲ ዕድመን ንምብራኽ ዝተገበረ ጎስጓሳት ኣዕጋቢ ውጽኢት ከምእተረኽበ፡ ኣብ ዘካየዶ ገምጋም ገሊጹ።

ብ15 ሕዳር ኣብ ዝተኻየደ ገምጋም፡ ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ሃማደኤ ምስ ሚኒስትሪታት ትምህርቲ፡ ጥዕና፡ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን፡ ከም'ኡ'ውን ምምሕዳር ከተማ ከረን ሰፊሕ ጥዕናዊ ጎስጓሳት ከምዝካየደ፡ ከም ውጽኢቱ ኣገልግሎት ቅድሚ ሕርሲ ዕብየት ከምዝርአየ ተሓቢሩ።

ኣደ-መንበር ጨንፈር ሃማደኤ ዞባ ዓንሰባ ወ/ሮ ኣምና ሓሰንን ፕረዚደንት ሃማደኤ ወ/ሮ ተኽኣ ተስፋሚካኤልን ኣብ ዘስመዐኦ ቃል፡ ዕላማ ናይ'ቲ ገምጋም - ብቐንዱ ኣብ ስራሕ ንዝተራእየ ድኽመትን ብልጫታትን ንምድህሳስ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ተራ መሻርኽቲ ኣካላት ንምድንፋዕ ብዝሓየለ ክሰርሑ ተማሕጺኖን።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ብሃማደኤ ዞባ ዓንሰባ ኣብ ዝተወደበ ስልጠና ዕቤት ናብራ ዝተሳተፋ 62 ደቂኣንስትዮ፡ ብ14 ሕዳር ተመሪቐን።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ፕረዚደንት ሃማደኤ ወ/ሮ ተኽኣ ተስፋሚካኤል፡ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ካብ መኣዲ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ዝተሰናኸላ ደቂኣንስትዮ፡ ሞያ ዓጢቐን መጻኢ ህይወተን ዘውሕሳሉ መገዲ ንምንዳይ፡ ማሕበር ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምርድዳእ መደባት ክሰርዕ ከምዝጸንሐ ብምግላጽ፡ ሰልጠንቲ ንዝቐሰማኦ ሞያ ኣብ ግብሪ ከውዕላኦ ተላብዩ።

ዜና

## ደ/ቀ/ባሕሪ - ሃኮሰኤ ኣስተምህሮ ድሕነት ሂቡ

ጨንፈር ሃኮሰኤ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ኣብ መዳይ ድሕነት ኣብ ቦታ ስራሕ ዘተኮረ ኣስተምህሮ ወሂቡ።

እቲ ንኣባላት ትካል ስርሓት ጨውን ኮርፖረሽን ዓሳ ዓሰብን ዝተዋህበ ኣስተምህሮ፡ ኣብ እዋን ስራሕ ከጋጥሙ ዝኽእሉ ሓደጋታት ንምሕላው፣ ንድሕነት ኣባላቶምን ትካላቶምን ኣብ ሓደጋ ዘውድቑ ተግባራት ንምውጋድ፣ ከምኡ'ውን ጥንቃቐ ከዘውትሩ ዝዓለመ እዩ።

ሓላፊ ናይ'ቲ ጨንፈር ኣቶ ሐሰን ኻልድ፡ ትካላት ድሕነት ሰብኣዊ ዓቕሚ ዘረጋግጽ ኣገባባት ክኽተላ ብምዝኽኻር፡ ሃኮሰኤ ዝኽእል ስልጠናታት ኣብ ምውዳብ እጃሙ ከምዘበርክት ኣረጋጊጹ።

## ሞልቂ - ምህርቲ ስድራ ስዉኣትን ጽጉማትን ብወፈራ ተኣኪቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሞልቂ፡ ተመሃሮ፡ መምህራንን ሲቪል ሰራሕተኛታትን መንግስትን ብዝተሳተፍዎ ወፈራታት፡ ምህርቲ ስድራ ስዉኣትን ጽጉማትን ተኣኪቡ።

ቡቲ ልዕሊ 2,200 ጉልበት ዝተሳተፎ መደብ፡ ብድምር ናይ 264 ስድራቤታት ግርሁ ከምዝተዓጽደ፡ ተጸዋዒ ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣቶ ፍቕረስላሴ የማነ ሓቢሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ መምህራን ቤት-ትምህርቲ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ እንዳጋብር፡ ካብ ወርሓዊ ደሞዞም ብምውጻእ ናይ 13 ደቂ ስዉኣት ወጻኢታት ትምህርቲ ከምዝሸፈኑ ዝጠቐሰ ኣቶ ፍቕረስላሴ፡ ን370 ጽጉማት ተመሃሮ ሓገዝ ናውቲ ትምህርቲ ከምዝተዓደለ ገሊጹ።

## መልእኽቲ ብምኽንያት ሃገራዊ ቅነ ንቕሓት ኣብ ተጻዋርነት ንመድሃኒታት ጸረ-ታህዋስያን

ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ሚኒስትሪ ሕርሻን ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን ምስ መሻርኽቲ ብምትሕብባር፡ ሃገራዊ ወፍሪ ቅነ ንቕሓት ኣብ ተጻዋርነት ንመድሃኒታት ጸረ-ታህዋስያን ንምኽያድ ሰፊሕ ምድላዋት ክገብር ድሕሪ ምጽናሕ፡ ብ18 ሕዳር 2024 ብወግዒ ኣብ ኣስመራ ተኸፊቱ። ዕላማ ናይ'ዚ ንሓደ ሰሙን ማለት ካብ 18 – 24 ሕዳር ዝቕጽል ሃገራዊ ወፍሪ ንቕሓት ህዝቢ ኣብ ውሕሉል ተጠቃምነት ጸረ-ታህዋስያንን ሓደጋታት ተጻወሮ ንመድሃኒታት ጸረ-ታህዋስያንን ንምብራኽ ኮይኑ፡ "በውህደት - ተጻዋርነት ንመድሃኒታት ጸረ-ታህዋስያን ንመካት" ብዝብል ቴማ እዩ ዝካየድ ዘሎ።

ተጻዋርነት ጸረ-ታህዋስያን ዝበሃል፡ ሕማም ዘምጽኡ ታህዋስያን ከም ባክተርያ፡ ቫይረስ፡ ፋንጋስን ባልዓትን ኣንጻር እቶም ከጥፍኦም ተባሂሎም ዝተሰርሑ መድሃኒታት ተጻዋርነት ብምምዕባል፡ ካብ ስራሕ ወይ ጥቕሚ ወጻኢ ክኾኑ ከለዉ እዩ። ከም ሳዕቤኑ ከኣ ብቐሊሉ ዝፍወሱ ዝነበሩ ሕማማት፡ ንምፍዋሶም ዘሸግሩ ይኾኑ'ሞ ንዝተናወሐን ዝተሓላለኸን ሕክምናዊ ክንክን ይድርኹን ክሳብ ንእንኽእል ሞት ከቃልዑን ይኽእሉ። ተጻዋርነት ንመድሃኒታት ጸረ-ታህዋስያን ስላሕታዊ ለበዳ እዩ። ልክዕ ከም ብጾዜ ዝትትጉ በምቡ ህይወት ሚልዮናት ሰባት ብስላሕታ ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ዘሎ ዓለማዊ ስግኣት ህዝባዊ ጥዕና እዩ።

ኣብ ደቂ ሰብ፡ እንስሳታትን ኣትክልቲን ዝረአ ዘሎ ዘይግቡእን ልዕሊ ዓቐንን ኣጠቓቕማ መድሃኒታት ጸረ-ታህዋስያን፡ እቶም ቀንዲ ጠንቅታት ናይዚ ጸገም እዮም። ንምግታእ እዚ ስላሕታዊ ለበዳ፡ ርትዓዊ ኣጠቓቕማ መድሃኒታት ጸረ-ታህዋስያን ኣብ ሰባት፡ እንስሳታትን ኣዝርእትን፡ ምክልኻል ኩሉ ዓይነት ረኽሳዊ ሕማማትን ግቡእ ኣጕዓዕዛ ኣብ መንበሪ ቤት ዝርከቡ ዘይንጥቀመሉ መድሃኒታትን እቶም ቀንዲ ኣብዚ ሰሙን ዝተሰሰሉ ኣርእስትታት እዮም።

ዝ. መልእኽቲ ናብ ተጠቕምቲ ንምብጻሕ፡ ሰፊሕ ንጥፈ ኣብ ኩለን ንኡሳን ዞባታት፡ ትካላት ጥዕና፡ ትካላት ትምህርቲ (ማእከላይን ካልኣይን ደረጃን ኮሌጃትን) ከምኡ'ውን ዜናዊ ስርሓት ክካየድ እዩ። ኩሉ ዝምልከቶ ኣካል ከኣ ንምዕዋት እዚ ወፍሪ ዝከኣሎ ክገብር ዝጋባእ።

ተጻዋርነት ንመድሃኒታት ጸረ-ታህዋስያን ሓቢርና ብምምካት፡ ጥዕናናን ጥዕና መጻኢ ወለዶታትን ነውሕስ!!

በውህደት - ተጻዋርነት ንመድሃኒታት ጸረ-ታህዋስያን ንመካት!

**ሓባራዊ መልእኽቲ ሚኒስትሪታት ጥዕና፡ ሕርሻን መሬት፡ ማይን ኣከባብን**

## ቤት-ጽሕፈት ካዳስተር፡ ዲጂታላዊ ሰነዳ ኣሳልጦ ይፈጥር ምህላዉ ገሊጹ



ኣብ ትሕቲ ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን ዝጥፍ ቤት-ጽሕፈት ካዳስተር፡ ልዕሊ 100 ዓመት ዘቑጸረ ሰነዳት ናብ ዲጂታላዊ መልክዕ ብምቕያር ክዕቅብ ዝጀመሮ ዕዮ፡ ኣብ ስራሕ ዝሓሸ ኣሳልጦ ይርከቦ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ዋና ዳይረክተር ናይ'ቲ ቤት-ጽሕፈት ኣቶ ሃብተሚካኤል ወልደገያርጊስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ቀንዲ ዕማም ናይ'ቲ ቤት-ጽሕፈት፡ መሬትን ኣብ ልዕሊ መሬት ዝተደኮነ ዘይንቀሳቐስ ንብረትን ምስኡ ዝተኣሳሰር መሰላትን ግቡኣትን፡ ከምኡ'ውን ትሕዝ፡ እጉዳን ምስራሖምን ምምዝጋብ ከምዝሸፍን ብምግላጽ፡ ኣብ ቀዳሞት 9 ኣዋርሕ ናይ'ዚ ዓመት ብጠቕላላ 1,477 ቀዋሚ ንብረት ኣብይትን ንግዳዊ ሕርሻን፡ 88 ደማ ብትሕጃ፡ እጉዳን ምስራዝን ብድምር 1,565 ከምዝተመዝገበ ብምጥቃስ፡ 91 ሚእታዊት ካብኡ ኣብ ዞባታት ማእከል፡ ደቡብ ዓንሰባን ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕርን ከምዝሸፈነ ኣረዲኡ።

ረብሓታት ካዳስተራዊ ምዝገባ ክብርህ ከሎ ድማ፡ ሕጋዊ ተፈላጥነት፡ ዋንነትን ተጠቃምነትን ብምሃብ፡ ውሕስነት ንብረትን ስሉጥነት ምስግጋር ንብረትን ምርግጋጽ፣ ምስሕላብ፡ ክርክራትን ብልሽውናን መሬት ምጉዳል፣ ግቡእ ምሕደራ መሬትን ሃብታን ምርግጋጽ፣ ንምሕደራ ብውጥን ንምምራሕ ዘገልግል ስታቲስቲካዊ ሓበሬታ ምሃብ፣ ከምኡ'ውን ልቓሕ ካብ ፋይናንሳዊ ትካላት ንምርካብ ዕድል ምርሓው ከምዘርክቦ ገሊጹ።

ጉዲጉዲ'ዚ፡ ሞያዊ ዓቕሚ ሰራሕተኛታት ንምዕባይ'ውን ኣብ ኣገዳስነት ካዳስተራዊ ምዝገባን ኣመዓብልኡን፡ ዕማማት ህዝባዊ ኖታሪ፡ ምሕደራ መሬትን ቅያሳዊ ካዳስተራዊ ስርዓት ሓበሬታን፡ ከምኡ'ውን ጽሑፋዊ ሰነዳት ናብ ዲጂታላዊ ዳታ ምቕያር ዘጠቓልል ስልጠናታት ከምዝተዋህበ፡ ኣቶ ሃብተሚካኤል ኣፍሊጡ።

ዋና ዳይረክተር ቤት-ጽሕፈት ካዳስተር ኣቶ ሃብተሚካኤል ወ/ገያርጊስ ኣብ መወዳእታ፡ ተዓቂቡ ዘሎ ሰነዳት ክሳብ 135 ዓመት ዕድመ ዘለዎ ምኻኑ ብምጥቃስ፡ ብመገዲ ኣብ ዞባታት ዝርከብ ጨናፍር፡ ሕጋጋትን መምርሒታትን ብዝጠልቦ፡ ቅኑዕነት ሰነዳት ብምርግጋጽ ቀዋሚ ንብረት ኣብ ምምዝጋብ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ምዕቃብን ድሕነቶም ኣብ ምሕላውን ተራ ኣመሓደርቲ ዞባታት ካልኦት መሻርኽትን ክዓዝዝ ኣተሓሳሲቡ።

ቤት-ጽሕፈት ካዳስተር፡ ብኣዋጅ ምዝገባ መሬትን ካልእ ዘይንቀሳቐስ ንብረትን ቁጽሪ 95/1997 ዝቖመ'ዩ።

## ደንጎሎ - ብዓውድታት ስነ-ጥበብ ዝሰልጠኑ ኣባላት ሚ/ምክልኻል ተመሪቖም

መኩሃን ኻዕዋሰን ሓበሬታን ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ን2 ኣዋርሕ ብዝተፈላለየ ዓውድታት ስነ-ጥበብ ዝሰልጠንዎም 40 ደቀኣንስትዮ ዝርከብኦም 147 ኣባላት፡ ብ16 ሕዳር ኣብ ደንጎሎ ኣመሪቑ።

እቲ ስልጠና፡ ዓውዲ መዚቃ፡ ምልክትን ኣሊያን ደምጺን መድረኽ፡ ኣሰራርዓ ግጥምን ዜማን፡ ስነ-ጥበባዊ ዳንስን፡ ጥበባት ስነ-ጽሑፍ፡ ፍልልያት ፊልምን ናይ መድረኽ ድራማን፡ ከምኡ'ውን ንኹለን ብሄራት ኤርትራ ዝውክል ወግዕን ልምድን ዘጠቓልለ'ዩ ነይሩ።

እቲ ስልጠና፡ ኣብ 2023 ኣብ ግንባራት ንዝነበረ ውድድራት ምርካብ ብምግባር፡ ኈሊሖ ኣብ ዝርአ ጉድለታት ኣተኩሩ ከምዝተዋህበን ወጻኢታዊ ምንባሩን ወኪል ኣሰልጠንቲ ኣቶ ጀማል ሳልሕ ኣረዲኡ።

ምኽትል ሓላፊ መኩሃን ኻዕዋሰን ሓበሬታን ሚኒስትሪ ምክልኻል ሜጀር ፍስሃየ ተኽለይ ብወገኑ፡ ሰልጠንቲ ብዘቕሰምዎ ሞያታት፡ ንክብርታትን ባህልን ሕብረተሰቦም ዘንጸባርቕ ስራሓት ክየጽ ትጽቢት ከምዝገበረሎም ኣገንዚቡ።

ስነ-ጥበብ ንሕሉፍ ታሪኽ፡ ህሉው ኩነታትን መጻኢ ኣመታትን ሃገርን ህዝብን ዘንጸባርቕ ከም ምኻኑ መጠን፡ ከም'ቲ ኣብ ምምጻእ ናጽነትን ምውሓስ ልኡላውነትን ዝበሮ ዓቢ ግደ፡ ኣብ መደባት ህንጸት ሃገር'ውን ብቐሊል ዘይጥመት ኣበርክቶ ከምዘለዎ ዝጠቐሰ ኣዛዚ እዚ ምብራቕ ብሪጋዴር ጀነራል ኣብርሃም ዓንደም፡ ስነ-ጥበባውያን ግዝኦም ኣለዩሎም ኣብ ዝወሃቦም መደባት ብንጥፈት ክዋስኡ ተላብዩ።

## ደቡብ - ኣብ ምሕያል ብቕዓት መንእሰያት ዘተኩረ ሰሚናራት ተኻይዱ

ሓላፊ ጨንፈር ሃማመተኤ ዞባ ደቡብ ኣቶ ግርማይ ጉብሩ፡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ዓዲ-ኳላ፡ ዓረዛ፡ ደባርዋ፡ ሰገነይቲ፡ ጸሮናን ማይ-ዓይኒን፡ ኣብ ምሕያል ብቕዓት መንእሰያት ዘተኩረ ሰሚናራት ኣካይዱ።

ብባህልን ክብርታትን ዝተኸሰኸሰ ንቑሕ መንእሰይ፡ መሰረት ስልጡንን ሓያልን ሕብረተሰብ ስለዝኾነ፡ መንእሰያት ተመሃሮ ብኽልንትንኦም ብቑዓት ኮይኖም ንኽዕብዩ ብዝለዓለ ይሰራሓሉ ከምዘሎ ገሊጹ።

ኣብ ንኡስ ዕድመኻ ዝጥረ ፍልጠት ውሕስነት ናይ ዝቕጽል ሂወትካ ስለዝኾነ፡ ተመሃሮ ግዜኦም ኣብ ቁምነገርን ምሕጋዝ ሕብረተሰቦምን ከውዕልዎ ዘዘኻኸረ ኣቶ ግርማይ፡ ንዝሓሸ ጸባሕ - ንዝተፈጥረሎም ዕድላት ትምህርቲ ብግቡእ ክጥቀሙሉ ምዒዱ።

ተመሃሮ ብግደኦም፡ ባህልን ክብርታትን ሕብረተሰብ ኣብ ተመሃሮ ንምስራጽ በውህደት ክዕዮ፣ ኣብ መንጎ መንእሰያት ዝካየድ ስፖርታውን ባህላውን ውድድራት ክሕይል፣ ከምኡ'ውን እዋናዊ ሓበሬታ ዝወሃቦ ሰሚናራት ንመንእሰያት ክድፋኣሉ ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣመሓደርቲ ናይ'ተን ንኡሳን ዞባታት፡ ኣብ ኣካዳሚን ሞያን ብቕዓቶም ዘረጋግጹ መንእሰያት ኣፍራይትን ሓላፍነታዊ መንእሰያት ምፍጣሩ፡ ኣካል ልምዓታዊ ስትራተጂ መንግስቲ ኤርትራ ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ነዚ ክውን ንምግባር ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ እጃሙ ክበርክት ኣተሓሳሲቦም።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ጸፈፍቲ ህግደፍ ዞባ ደቡብ ወ/ሮ ኣመተ ንጉሰ፡ ኣብ ከተማ ዓዲ-ኳላ ንዝጥፍኡ ሰራሕተኛታት መንግስቲ፡ ኣብ ህልው ኩነታት ዘተኩረ ሰሚናር ከምዝተኻየደት፡ ካብ'ቲ ንኡስ ዞባ ዝጽሓፈ ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

## ኣገዳሲ መልእኽቲ ብምኽንያት ቅነ-ንቕሓት ተጻዋርነት ጸረ-ታህዋስያን

**ጽሬት ኣብሸኻን ኣብቢኻን ብምሕላው ካብ ሕማማት ተኸላኸል!**

መዓልታዊ እትገብሮም ቀለልቲ ነገራት ካብ ሕማማት ብምክልኻል ተጠቃምነት መድሃኒት ጸረ-ታህዋስያን ከተጉድል ይሕግዘካ። ንኣብነት፡ ኣእዳውካ ብሰሪዕ ብፍላይ ከኣ ዓይኒ ምድሪ ድሕሪ ምጥቃምካ፣ ቅድሚ ምብላዕካን ዝኾነ ዓይነት እንስሳ ወይ ህዝባዊ ነገራት ምስ እትትንክፍን ብማይን ሳሙናን እንተወሓደ ን20 ካልኢት ተሓጸቦ። ካብ መግቢ-ወለድ ሕማማት ንምክልኻል፡ መግቢ ብግቡእ ከተብስልን ክትዕቅቦን ኣገዳሲ እዩ። ብዘውሻኽ፡ ኣብ እትህንጥሰሉ ወይ እትስዕለሉ ግዜ፡ ኣፍካን ኣፍንጫኻን ክትሽፍንን እንተተኻኢሉ ኣብ ህዝባዊ ቦታታት መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን (ማስክ) ክትጥቀምን ይግባእ። ተመሓላለፍቲ ሕማማት ብምክልኻል ተጠቃምነት መድሃኒታት ጸረ-ታህዋስያን ኣጉድል! ክታበት ከኣ ኣብ ግዚኡ ወሰድ!


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጳ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ.163471-07588045

**ምልክታ**
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጳ. 1284

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# ኵነታት ሕርሻን ንጥፈታቱን ኣብ ዓረዛ

*ኣቃውማ ዝፍሓሰ መሬት ዓረዛ ኩታትን ሰንጭሮታትን ዝዀበሎ ብምዃኑ ካብ ንሕርሻ ንመዓስን መዝሖጢን ይምችእ። ጠቕላላ ስፍሓት መሬት ናይ'ዚ ንኡስ ዞባ ኣስታት 218,900 ሄክታር ኮይኑ ካብዚ እቲ ኣስታት 15 ሽሕ ሄክታር ዝሕረስ ኣስታት 15,500 ሄክታር ንመዝሖጢ እቲ ዝተረፈ ድማ ንደኮና ዓዲታት፡ ከተማን ሓወሲ ከተማን ከምኡ'ውን ንሕዛእቲ የጠቓልል። ንሎሚ ኣብዚ ዞባዊ ንኹነታት ሕርሻን ሕርሻዊ ንጥፈታት ሎሚ ዓመትን ዝዳሀሰ ምስ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ሕርሻ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ምሕረቱ ኣርኣያ ናይ ዘካየድናዮ ቃለ-መሕተት ጽማቝ ይስዕብ፦*


ሰኣሊ. ኣብርሃም በየነ

መሬት ንኡስ ዞባ ዓረዛ ከቡ፡ ወይኑ ደጋን ቆላን ኮይኑ ኩሉ ዓይነት ኣዝርእቲ ዝፈቕሎ ክሊማዊ ኩነታት ኣየር ይውንን። ቀንዲ ኣዝርእቲ ናይ'ዚ ንኡስ ዞባ መሸላ፡ ዕፉንን ዳጉሻን ክኸውን እንከሎ፡ ሰገም፡ ስርናይን ጣፍን ሰዊብም ይዝርኡ። ካብ ጥረታት ከኣ ዓተር፡ ዓይኒ ዓተርን ባልደንጓን ብውሑድ መጠን ከኣ ናይ ቅብኣ ኣዝርእቲ ይዝርኡ። ስምስም፡ ኣብ ምዕራባውን ደቡባውን ቆላታት ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ሓሓሊፉ ክዝራእ ጀሚሩ፡ ዘተባብዕ እቶት ድማ ይርከቦ ኣሎ። ዘተባብዕ እቶት ከምዝርከቦ ተረጋጊጹ ዘሎ ብልቱግ'ውን ኣብዚ ሓጺር ግዜ ክቀላቐል ጀሚሩ ይርከብ።

## ዝርግሐ ዝናብ

ዘራእቲ፡ ሎሚ ዓመት ብዘበረ ጽቡቕ ዝርግሐ ዝበሮ ህጡር ክረምቲ ጽቡቕ ብቑልያ እዩ ከሪሙ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ከኣ በጺሑስ ሓረስቶት ኣብ ምእካቡ ይርከቡ። ዝርግሐ ዝናብ ብመንጽር ከባቢታት'ቲ ንኡስ ዞባ፡ ብርክት ዝበሉ ምምሕዳር ከባቢታት ዝሓቍፍ ሰሜናዊ ክፋል'ቲ ንኡስ ዞባ ዝናብ ኣዝመራ ኣብ እዋኑ ስለ ዝጀመረ፡ ኣብ ኣዝመራ ክዘርኡ ዝበርም ኣእኪል ክዘርኡ ከለው፡ ንሽነኽ ምብራቕን ደቡባውን ክፋል'ቲ ንኡስ ዞባ ዝርከብ ምምሕዳር ከባቢታት ግን ኣዝመራ ስለዘይነበረ፡ ኣእኪል ኣዝመራ ኣይተዘርኡን። ብኣንጻሩ፡ ብወገን ምዕራብ፡ ደቡባዊ ምዕራብን ደቡባዊ ምብራቕን ከኣ ዝበለጸ ዝበሃል ዝናብ ኣዝመራ ዝረኸቡ ከባቢታት እየም ነይሮም። ብሓፈሻኡ ክሮምሮም ከሎ፡ ካብ'ቲ ዝሓለፈ ዓመት፡ ሎሚ ዓመት ብዝተዛማዲ ጽቡቕ ምህርቲ ክሕፈስ ትጽበይት ዝግበረሉ ጽቡቕ ዝናብ'ዩ ከሪሙ።

ኣብቲ ንኡስ ዞባ 4 መዐቀኒ ዝናብ ኣቑጣታት ኣለዋ። ኣብ ንጡፍ ስራሕ ዝርከብ ግን ክልተ ጥራይ'የን። ኣብ ዓረዛን ማይደማን ድማ ይርከባ። ኣብዘን ዝተጠቕሳ ከባቢታት ክሳብ 18 መስከረም ኣብ ዝበረ ግዜ ዝተመዝገበ መጠን ዝናብ፡ ኣብ ዓረዛ 554.8 ሚሊ. ሜተር፡ ኣብ ማይደማ ድማ ኣስታት 600 ሚሊ. ሜተር ተመዝጊቡ። ኣብ መንጎዚ. ኣብ ሓደ መዓልቲ ኣብ ዓረዛ 88 ሚሊ. ሜተር፡ ኣብ ማይደማ ድማ 68 ሚሊ. ሜተር ዝተመዝገበሉ ዕለታት ነይረን። እዚ. ክስተት'ዚ. ከኣ ከዘንቲ ማይ ካብ ዓቕመን ንላዕሊ. ስለ ዝመልኣ፡ ከይፈርሳ ስግኣት ስለ ዝተፈጥረ፡ ተቐላጢፍካ መተንፈሲ. ከምዝዀበረለን ተገይሩ እዩ።

ንኡስ ዞባ ዓረዛ ኣብ ካልኦት ንኡሳን ዞባታት ዞባ ደቡብ ከም ፍሉይ ጸጋ ዝጥመትን ዝዘወተርን ዓመታዊ ካብ 480 ክሳብ 550 ሄክታር ዝዝራእ መሸላ ጸግኢ. (ግርምቢጥ) ተባሂሉ ዝፍለጥ እዩ። መሸላ ጸግኢ፡ መሬት ብዘተፈላለየ ማሕበራዊ ጸገም ከይተሓርሰ ከሪሙ ኣብ መስከረም ዝዝራእ'ዩ። መሸላ ጸግኢ፡ ብዙሕ ማይ ዘይደሊን ምጽሃይን ምጉሳይን'ውን ዘየድልዮ፡ ብውሑድ ጻዕሪ ምእኩት (ብርኩት) ምህርቲ ክሕፈሶ ዝኽእል ወፍሪ'ዩ። መሸላ፡ ኣዝመራን ክረምቲን ክወልድ (ክበጽሕ) ከሎ፡ ኣብ መስከረም ተዘሪኡ ኣብ ለካቲት ድማ ይእከብ። በዚ. ከይከኣ ኣይተርፍን ንመሸላ ጸግኢ. መሸላ ግርምቢጥ ዝብል ስም ተዋሂብዎ ዝበሉ ኣለው።

## ልምዓት ጀራዲን

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓረዛ ብማስኖ ዝለምዕ ኣስታት 198 ሄክታር ኣሎ። ካብዚ. 33 ሄክታር ጥራይ'ዩ ብንጥፈት ዝስራሓሉ። እዚ. ዝኾነሉ ምኽንያት፡ ሓደ ዓያዩ ጕልበት፣ ካልኣይ ሕጽረት ኑዩዪ፡ ከም ሳልሳይ ምኽንያት ዝጥቀስ ከኣ ዝርካብም እቶም ኣልማዕቲ ትሑት ዓቕሚ ዘለዎም ንኣሽቱ ሓረስቶት ኮይኖም፡ ኣብ ዝናብ ክረምቲ ተመርኲሶም ንጥፈታቶም ዘሳስሉ ዝበል'ዩ። ኣብ መንጎኦም ምስ ኣብ ካልእ ከባቢታት ዘለዉ. ኣልማዕቲ ብምውድዳር፡ ካብ ሓደ ሄክታር 328 ኩንታል ዝሓፍሱ ብኣብነታት ዝጥቀሱ ምህላዎም ይሕበር። ኣብ ልምዓት ማስኖ'ቲ ንኡስ ዞባ በለጹ ዝርአ ልምዓት ፍረታት እዩ። ከበ. ማይደማ ክሳብ ዐብልን ከበኣን ብሕልፊ ማንገሰን ዘይቱንን ጽቡቕ'ዩ ዝፈሪ። ኣብ ወርሓ. ጥሪን ሰነን ዕዳጋታት'ቲ ከበ. ዘወር እንተደኣ ኣልኩ፡ ብማንገሰን ዘይቱንን ኣዕለቕሊቒ'ዩ ዝጸንሓካ። በዚ. ድማ፡ ዕዳጋ ፍረታት ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ጽቡቕ ቀረብ ኣብ ማንገሰን ዘይቱንን ኣሎ። ዝዘርፍ ኣራንሺ'ዩ። እዚ'ውን ብምጡን ስለዝፈሪ ንምስፍሑ ይስራሓሉ ኣሎ።

## ምርባሕ ናይ ጸባ ከብቲ

ምርባሕ ናይ ጸባ ከብቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ምስ ዋሕዲ ቀረብ መግቢ. እንስሳታት ተቓሚዱ ዝርአ ዝሕል ዝበለ'ዩ። ቀረብ መግቢ. እንስሳታት ፍታሕ ክሳብ ዝረክብ እቲ ንጥፈት ንምሕያሉ ይጸዓረሉ ኣሎ። ዚ. ዝሕግዘ በዞን ዘለዋ እንስሳታት ማስርሕ ምስኻር እናተገበረ ይኽየድ ኣሎ። ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ጎባይ፡ ድቓላ ጎባይ፡ ባርካ፡ ሓመርያን ዓሪድን ዝበሃላ ኣስታት 250 ናይ ጸባ ከብቲ ኣለዋ። ኣብ ብዓል ማይደማ ከኣ ካብ ጋሽ ባርካ ከብቲ ኣምጺኦም ጸቡቕ ተበግሶ ዝወሰዱ ሓረስቶት'ውን ኣለው። ኣብ ሓለዋ ጥዕናአን ግቡእ ምክትታል እናተገበረለን ቀረብ ጸባ ኣብ ምውሓስ ዘይዓቕ ኣበርክቶ ይገብራ ኣለዋ።

## ምርባሕ ንህቢ.

ጥቕሚን ረብሓን ምርባሕ ንህቢ፡ ኣብቲ ንኡስ ዞባ ነዊሕ'ዩ ተገንዚብዎ ዝርከብ ተጻዊሩሉን። በዚ. ድማ ቅድሚ 5 ዓመት ብዘመናዊ ኣገባብ ዝሓልዩ 17 ኣናህብ ዝበሩ፡ ሎሚ 205 በጺሖም ኣለው። ባህላዊ ቆፎ'ውን ዝተመዝገበ 1050፡ ጋብላዊ ቆፎ ከኣ 42 በጺሖም ይርከቡ። ብዙሓ. ባህላዊ ቆፎ ንህቢ. ንምፍላጥ ዝተገበረ መጽናዕቲ ይኸውን ዳህሳስ የለን። ካብዚ. ዝተጠቕሰ ተዓጻጺፉ ክህልው ከምዝኽእሉ ገምጋም ኣሎ። ኣብ መንጎ እዚኦም ካብ ሰለስቲኡ (ባህላዊ፡ ጋብላዊን ዘመናውን) 50 ልዕሊኡን ቆፎ ንህቢ. ዝውንኑ ሓረስቶት ኣለው።

ጋብላዊ ቆፎ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብዘለዓለ ይደፋፍኣሉ'ዩ። ኣብ ሓረስቶት ጸቡቕ ተቐባልነት እናረኸበ ዝኸይድ ዘሎ'ዩ። ኣብ ንኡስ ዞባ ዓረዛ'ውን ኣብ 14 ምምሕዳር ከባቢታት ብዝርከቡ ኣባላት ቀጻሊ. ገስጋስ ክተየደሉ ጸኒሐን ኣለዋ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ንሰኡ ዘገልግሉ ናውቲ (ስምዒ፡ ተረባቢ. . . ወዘተ) ብሚኒስትሪ ሕርሻ ይቐረበሎም እዩ። ኣብ ዘመናዊ ቆፎ ግን፡ ዋሕዲ ቆፎን ንሰኡ ዘገልግሉ ጥረ-ነገራትን ኣሎ። ቀጻሪ ቆፎን ንህቢን ዝደልዩ ናብ ቤት ጽሕፈት ሕርሻ'ቲ ንኡስ ዞባ ዝመላለሱ ሓረስቶት፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናበርከተ ይኸይድ ኣሎ። ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣብ ሓደ ወቕቲ ጥራይ'ዩ ምህርቲ መዓር ዝሕፈስ። ኣብ ህጡር ክረምቲ ከኣ ካብ ሓደ ንህቢ. ካብ 23 ኪ.ግ ክሳብ 40 ኪ.ግ መዓር ክሕፈስ ይከኣል።

## ምርባሕ ደርሁ

መፍረ ደርሆ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ፡ እቲ ብድጎማ መንግስቲ ዝወሃብ ዝበረ መግቢ. ደርሆ ብምኽንያት ሕማም ደርሁ ኣብ 2022 ደው ምስ በሉ ክሳብ ሕጂ ብኸምኡ'ዩ ዝቐጸለ ዘሎ። ጉዳይ ዕደላ ደርሁ ክሳብ ዝፍታሕ፡ ሓረስቶት ኣብ ኑሓድሕዶም ካብ ዘለዎም ዘመናውያን ደርሁ እናኣዳቐሉ ክመቓርሑ ምኽሪ ይወሃቦም። ኣብ ደርሁ ዓድና እንተርኢና ግን ብሓርፋፍ ገምጋም 50 ሽሕ ዝበጽሓ ምህላወን ኣብ መዓልቲ ዕዳጋ ማይደማን ዓረዛን ከኣ ብየምት 20 ሽሕ እንቋቝሖ ከምዝወርድ ይግለጽ። ካልእ፡ ምስ ምጅማር ኤለክትሪክ ኣብ ማይደማ ወጽኢ እናተዘምነ ዝኸይድ ከም ጽቡቕ ተበግሶ ዝጥመት ብኣሽቱ ኣውፈርቲ ብኢንክዩቤተር ናይ ምጭጫሕ ዝተጀመረ ስራሕ እዩ። እዚ. ክድረፉሉ ድማ ትጽቢት ይግበር።

## ከዘንቲ ማይ

ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ 55 ከዘንቲ ማይ ኣለዋ። ካብ'ዚኣን 17 ዲጋታት'የን። ካብ መንጎኣን ደብር ማሊኣን ካብ ኣገልግሎት ወጺኣ. ዝኸና ይርከባኣ። ዲጋ ኣይቀብጺ፡ ዲጋ ዓዲቐዋሾን ደገመመትን ብኣብነት ክጥቀሳ ይኽእላ። ዝዘረጋ እውን ኣለዋ። ብሓፈሻኡ ክርአ ከሎ ግን፡ ቀረብን ውሕስነትን ማይ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ዝተረጋገጸ እዩ። ዝተዋህለለ ማይ፡ ብዘይካ ኣብ ሓወሲ. ከተማ ዓረዛ ኣብ ካልኦት ንልምዓት ጀራዲን እንስሳታትን ይውዕል።

## ምዕቃብ ሓመድን ማይን

ሎሚ ዓመት ኣብ 14 ምምሕዳር ከባቢታት ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ን6 ወርሒ. ዝቐጸለ መግቢ. ብስራሕ፡ ስራሕ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ክቀየድ ሓጊዙ። እቲ ናይ ምዕቃብ መደብ ኣብ መሬት ሕርሻን ናይ መዝሖጢ ቦታን'ዩ ተኻይዱ። ማስርሕ 2500 ሄክታር ቅናታዊ ዛላ፣ 2184 ሄክታር ከትሪ፡ 82 ሄክታር ምድመዳ መሬት ሕርሻ፣ 1141 ሄክታር ከትሪ ኣብ ማይ ክዮ ብድምር ኣስታት 6100 ሄክታር ተሰሪሐ። እዚ. ብገንዘብ ክትመን ከሎ፡ ልዕሊ. 5.8 ሚልዮን ናቕፋ ይግመት። እቲ ኣብ መሬት ሕርሻ ዝተኻየደ ናይ ምዕቃብ ስራሕ፡ ዝተባሕገጎ መሬት ዘይልድል፡ ኣብ ማእከል ግራት ብሓመድ ዝተዋደደ ዝተሰርሐ ቅናታዊ ዛላ፡ ብእምኒ ተረባቢ ጋብላዊ ዛላን ማይ ከምዝኽዘን ኮይኑ ከምዝዋደድ ተገይሩ።

## ሕክምናን ኣቓርቦት መድሃኒት እንስሳታትን

ክታብትን ሕክምናን እንስሳ ብኽልተ ገጽ ተራእዩ ዝግለጽ'ዩ። እቲ ሓደ ሎሚ. ኮይኑ ንሱ ንምፍዋስ ዝግበር ማስርሕ ኣሎ። እዚ. ከኣ ክታብት ይበሃል። ዝሓለፈ ዓመት ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ተርእዮ ፍርማይ ሕማም እንስሳታት ተኸሲቱ ነይሩ። ኩለን ዓይነታት እንስሳታት ከምዝኽትባ ብምግባር ከኣ ከይቀጸለ ኣብ ቀጽጽር ከምዝውዕል ኮይኑ። ኣብ ሕማም ዕቡድ ከልቢ'ውን ብዝተማሳሰለ. ክታብት ተኻይዱ። ካብ'ዚ. ሓሊፉ ዘሰክፍ ተርእዮ ሕማም እንስሳታት ኣየጋጠመን።


ኣቶ ምሕረቱ ኣርኣያ

እቲ ካልኣይ ብዘይ ምቍራጽ ዓመት ምሉእ ኣገልግሎት ዝሁብ ሕክምና እንስሳ'ዩ። ኣብዚ. ስሕተት ኢሉ ዋሕዲ መድሃኒት ዘጋጥም'ኳ እተጐተኹ፡ ዝምረር ግን ኣይከነን። ዓመታዊ ብገምጋም ካብ 6 ሽሕ ክሳብ 10 ሽሕ እንስሳታት ሕክምናዊ ኣገልግሎት ይረኽቡ። መንግስቲ ሓረስቶት ጥዕና እንስሳታቶም ብቐረባ ዝከታተሉ ኑቑጣ ሕክምና ኣብ ርእሲ. ምድኻኑ፡ ቀጻሊ. ኣስተምህሮን ገስጋሳትን ከምዝቐስሙ ይግበር'ዩ።

ካልእ፡ ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝድረፉሉ ዘሎ፡ ክሳብ ሕጂ ኣብ 14 ምምሕዳር ከባቢታት'ቲ ንኡስ ዞባ ተገንዚቡሉ ብወገን ሓረስቶት ተቐባልነት ረኺቡ ዘሎ፡ ካብ ሓደ ሽሕ ሜተር ቀሰብ ዓመት ንምርካብ ዝበል ሓደሽ ኣገባብ ማሕረስ'ዩ። ምስዚ. ተተሓሒዙ ንተርእዮ ኣንበጣ፡ ባርናስ ቀውዒን ባርናስ ኣፍሪቃን ዝምልከት ከኣ ቀጻሊ. ኣስተምህሮ ይወሃብ።

## ምድላው ድኾዒ፡ ጸረ ጻህያይን ባልዓትን

ኣብ ኤርትራ ተጠቃምነት ጉዳእቲ ከምዝነሶት ዘውገደሉ ኣገባብ ዝስራሓሉ ዘሎ'ዩ። ኣብ ክንድኡ ባህርያውያን ነገራት ተጠቒምካ ድኾዒ፡ ጸረ-ጻህያይን ባልዓትን ንምፍራይ ይስራሓሉ ምህላው ይፍለጥ። ሓረስቶት ባዕላቶም ኣዳልዮም ክጥቀሙ ኣስተምህሮታትን ስልጠናታትን ክወሃቦም ጸኒሖን ኣለዋ። ኣብ ንኡስ ዞባ ዓረዛ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዓመት ልዕሊ. 3 ሽሕ ሊትሮ ጸረ ጻህያይ፡ ኣብ ኑሓስ ናይ'ዛ ዓመት ድማ ሓደ ሽሕ ሊትሮ ፈሳሲ. ድኾዒ ንሓረስቶት ከምእተመቓርሐ ሰነዳት ቤት ጽሕፈት ሕርሻ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ የመልክት። ምድላው ኮምፖስት'ውን ኣብ ኣስታት 25 ቦታታት ተፈቲኑ ጽቡቕ ውጽኢት ተረኺቡዎ ይቕጽል ኣሎ። ኣብዚ. ብፍሉይ ዝጥቀሰን ቤት ጽሕፈት ሕርሻ'ቲ ንኡስ ዞባ ንትግበረኡ ዓቲቡ ዝንቀሳቐሰሉን ዘሎ፡ 'ሳዕሪ በይኒይ' ዝበሃል ዓይነት ሳዕሪ'ዩ። እዚ. ከኣ ብኸመይ ኣብ መዓላ ኮምፖስትን መግቢ. እንስሳታትን ትጥቀመሉ ዝበል'ዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ'ዚ. ንኡስ ዞባ ካብ ቀልቀል ደርሁ፡ ዒባን ካልእን ተጠቒሞም፡ መረቕ ድኾዒ. ክምስርሑ ዝጀመሩ ሓረስቶት'ውን ኣይተሳእኑን። ብተወሳኺ፡ ኣብ ማይደማን ዓረዛን ብጻዕዳ ሽጉርቲ፡ ለሊ. . . .ወዘተ ተጠቒሞም ኣብ ምድላው ጸረ-ባልዕ ጸቡቕ ውጽኢት ጀሚሮም ዘለዉ. ሓረስቶት ኣለው።


ሰኣሊ. ኣብርሃም በየነ

ሽባብ

ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ኣብ ህይወት እንታይ የድልየካ

ሚካኤል እያሱ (ሃርሞኒ)

ውሩይ ሊቕ ፊዚክስ ስቴቨን ሃውኪን ኣብ መፋርቕ ናይ 1970 ናይ ዶክትሬት ትምህርቱ ኣብ ኣጋ ምውድኡ፡ መላእ ኣካላቱ ዘልመሰ ሕማም ተሰኪሙ ነይሩ። ናብ ዶክተር ምስ ቀረበ፡ ዕለተ ሞቱ ክልተ ዓመት ጥራይ ተሪፍዎ ከም ዘሎ ሓበሮ።

ሊቕ ስቴቨን ሃውኪን ኣብዚ ህሞት ኢዱ ክህብ ኣይደለየን። ነተን ከም ንፋስ ዝሕንበባ ዝመስላ ክልተ ዓመታት፡ ከመይ ገይሩ ሕልሙ ንምስማር ይጥቀመለን ኣብ ሕሳብ ኣተወ። ኣብ መደምደምታ ድማ በጽሐ፣ "ሕጂ ብዛዕባ እቶም ኣገደስቲ ዝመስሉኒ፡ ዋላ ሓንቲ ክሓስብ የብለይን። ብዛዕባ ዝኸፍሎ ቢል፡ ዝሓድሮ መዕረፊ፡ ዘድልዩኒ መዘናግዒታት፡ ዝምገቦ ዓይነት መግቢ፡ ኮታስ ኩሉ ዘድልየኒ ዝመስለኒ ወንዚፌ፡ ትርጉም ኣድማስ ንምርዳእ ሕጂ ጸቒጠ ክጽዕር እየ፡" በለ። ከም መደቡ ድማ ኩሉ ነገር ወንዚፉ ኣብኡ ጸቒጡ ክሰርሕ ጀመረ።

ካብዚ እዋን ንንዮ ኸኣ ሕማሙ እናገደደ ከደ። ሓሳባቱን ርኽበታቱን ንምምሕልላፍ ከኣ ምስ ግዜ ክጎዩ ጀመረ። ብዙሓት ሓቅታት ኣድማስ ድማ ኣብ ቅድሚ ዓይኑ ተጋሂዶም ተራእይዎ። ክልተ ዓመትን ፈረቓን ሓለፈ። ቀጺሉ'ውን ዕስራ ዓመት



ሓለፈ። ሊቕ ስተቨን ሃውኪን ክሳብ'ታ ብ2018 ብሞት ካብዛ ዓለም ዝፍለ፡ ንዓለም ኣዝዮም ኣገደስቲ ነገራት ክድህስሰላ ጸኒሑ። ኣዝዮም ረቀቕቲ ሓሳባቱ ኸኣ ምስ ዊልቸሩ ብዝለገበት 500 ቃላት ብዝሓዘት ንእሽተይ ኮምፕዩተር ተሓጊዙ ክገልጽ ክኢሉ እዩ። ነታ ዝበለጸትን ፍልይትን መጽሓፉ፡ "A Brief History of Time" እትብል ድማ ክጽሕፍ ከኣለ። ብዘይካ'ዚ'ውን ሊቕ ስቴቨን ሃውኪን ሓድሽ ራኢ ዘመናዊ ፊዚክስ ንዓለምና ከበስር ከኣለ። ከቢድ ሕማሙ ኸኣ ብዙሓት ነገራት ናይ ህይወቱ ብምግዳፍ ሓድሽ ኣተሓሳስባ ክፈጥረሉ ከኣለ። ካብዚ ዛንታ ክንርድኦ እንኽእል፡ ክሳዕ ክንድ'ቲ ንህይወትና ኣገደስቲ ኣብ ዘይኮኑ ነገራት ሸንኮለል ንብል ብምኳንና፡ ንሓሳባትናን ንወርቃዊ ግዜናን መሊኦም፡ ንፈጠራውነትና ናብ ዜሮ የውርድዎ ብምኻኖም እዩ።

ድሕሪ ዓወት ናጽነት ህንዲ፡ ማህተማ ጋንዲ ናብ እንግሊዝ ምብጻሕ ኣካይዱ። ኣብ ጐደናታት ሎንደን ምስ ብጾቱ እናተዛወረ ከሎ፡ ብሓደ ክቡር ስልማት ዝሸየጦ ድኳን ኣቓልብኡ ተሰሓበ። ጋንዲ ብደገ ናይቲ ድኳን ደው ብምባል ብዛዕባ እቶም ክቡራት ስልማት ክሓስብን ክድንቕን ደው በለ። ዋና እቲ ድኳን ግን ንጋንዲ ስለ ዘላለዮ ናብ ጋንዲ ብምምጻእ፡ "ንስኻ ናብዚ ክትበጽሓና ብምምጻእካን ስራሕና ክትርኢ ብምኽኣልካን ዓቢ ክብረት ይስምዓና፡" ድሕሪ ምባል፣ "ብዙሓት ክቡራትን ኣደነቕትን ምልኩዓት ጥበባውያን ዝኾኑ ስልማታት ኣለውና። ሓደ ካብዚ ክቡራት ስልማታትና ድማ ከም ህያብ ክንህበካ ቅሩባት ኣለና፡" ምስ በሎ።

"እወ ኣነ'ውን በዞም ውቁባት ስልማታት ኣዝየ ተደኒቐ ኣለኹ። ልዕሊ'ዚ ግን በዛ ኑብሰይ ኣዝየ ተገሪመ ኣለኹ። ካብዞም ክቡራት ስልማታት ከም ህያብ ክውሃብ ምኳነይ ዋላ'ውን ፈሊጠ እንተ'ለኹ፡ ብዘይ እዚኦም ክነብርን ብዘይ እዞም ክቡራት ስልማታት ኣዝየ ክቡር ሰብ ክኸውንን ክኢለ እየ፡" በሎ ጋንዲ።

ካብዛ ዛንታ ናይ ጋንዲ ንርድኦ መልእኽቲ ንጹር እዩ። ሰባት ብውሽጣዊ ኣተሓሳስብኦም ዝገበርዎ ቃልሲ፡ ናብ ሕልሚ፡ ብግዜ ዘይድረት ክብረት ይህቦም ምኳኑ ክንርዳእ ንኽእል። ምናልባት ጋንዲ እዞም ስልማታት የድልይዎ ምኳኖም ኣሚኑ ነዞም ክቡራት ስልማታት ንምርካብ ዕድሚኡ እንተ ዘሕለፎ ነይሩ። ዕድል ገይሩ'ውን እንተ ዝረኽቦም፡ ክሳብ ሕጂ ምተዘከረ ነይሩዶ ይኸውን? ሳላ እቲ ኩሉ ነገር ናይ ህይወቱ ወንዚፉ ንናጽነት ህንዲ ዝገብሮ ሰላማዊ ቃልሲ፡ ኣዝዩ ክቡር ሰብ ኮይኑ ንዘልኣለም ክዝከር ይነብር ኣሎ።

ሓደ ኣሜሪካዊ በጻሒ ናብ ካይሮ ብምኻድ ንህቡብ ራቢ ሓፊዝ ኣይም ክበጽሖ ከደ። ኣብ ቤት ራቢ ምስ ኣተወ ግን ኣዝዩ ተገረመ። ሓደ ቀሊል ገዛ ብመጽሓፍቲ ተመሊኡ። እተን እንኮ ኣብቲ ቤት ዘለዋ ንብረት ገዛ፡ ሓንቲ ጣውላ መጽሓፊትን ሓንቲ ኮፍ መበልን ጥራይ እየን። እቲ እንግሊዛዊ በጻሒ ብምግራም፤

"ራቢ ኣቕሑ ገዛኻ ድኣ ኣበይ ኣሎ?" በሎ።

"ስለምንታይ ሓቲትካኒ? ናትካኸ ኣበይ ኣሎ?" ራቢ ኸኣ ፍሽኽ እናበለ መለሰ።

"እዋእ ኣነ እኮ ገያሻይ'የ። ማለት እሓልፍ'የ ዘለኹ፡" እቲ እንግሊዛዊ ብምግራም ርእሱ እናቕንቐ ብተመስጦ ተመልከቶ።

"ኣነ'ውን ከማኻ'የ፡" ኢሉ ራቢ መለሰሉ።

እቲ እንግሊዛዊ በቲ መልሲ ኣዝዩ ተገረመ። ምኽንያቱ ኩላትና ኣብዚ ዓለም ገያሾ ኢና። ከምቲ ራቢ ዝበሎ ሓለፍቲ ኢና። እቲ ኣብ ገዛ እንኸምሮ ንብረት ይኹን ገንዘብ፡ ጽባሕ ገዲፍናዮ ኢና ንኸይድ። እዚ ኸኣ ጽባሕ ክብረት ኣይህበናን ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣየዘክረናን'ውን እዩ። ህይወትና ግዝእቲ ናይዞም ነገራት እንተ ጌርናያ ምስ ሕልምታትና እናተቓጸጹ ከሸግሩና ምኳኖም ካብዘን ሰለስተ ዛንታታት ዓበይቲ ሰባት ዓለምና ክንርዳእ ንኽእል። ስለዚ፡ ኣብ ህይወትና ብልክዕ እንታይ'ዩ ዘድልየና ፈሊጥና ክንጓዓዝ ይግባእ። እዚ ጥራይ ዘይኮነ ብዙሓት ኣገደስቲ ዝመስሉና ናይ ህይወት ነገራት፡ ምእንቲ ሕልምታትና ክንብል ምውንዛፎም'ውን የድልየና።

ሓሳባት

# ሓንቲ መጽሓፍ ንሰሙን

ኣብርሃም ዮሃንስ (ወዲዕቋር)

ንባብ ንሓድሽ ሓሳባት፡ ሓድሽ ኣርኣእያ፡ ሓድሽ ባህሊ፡ ሓድሽ ዓለማዊ ርእየት ንኽህልወና ንልብና ዝኸፍት'ዩ።

ናይ መብዛሕትና ምኽኒት'ዩ፣ "ከንብብ ግዜ የብለየን።" መርበብ ሓበሬታ መዲዩም ዶት ኮም ግን 'እዚ ባህሊ ክቕየር ይኽእል'ዩ፡' ብምባል ገለ ገለ ነጥብታት ዘርጊሓ ትርከብ። ኣዝዮም ብስራሕ ጽሙዳትን ዕውታትን ዝኾኑ ዋረን ባፈት፡ ኢሎን ማስክ፡ ቢል ጌትስ፡ ቲም ፈሪስ፡ ራያን ሆሊደይ ናይ ምንባብ ግዜ ኣለዎም። ሓደ እዋን ዋረን ባፍት "ኣብ ኦፊስ ኮፍ ኣብ ዝበልኩሉ ኣንብብ፡" ክብል ተዛሪቡ ነይሩ'ዩ።

ኣደነቕቲ ዕውታት ሰባት ዘደንቕ ልምዲ ንባብ ኣለዎም። ንሳቶም ንንባብ ከም ስራሕ ዘይኮኑ ከም ኣደሳቲ ልምዲ'ዮም ዝምልከትዎ። ብርግጽ ህይወት ሓጻር'ያ። ስለዚ ንኹሉ ክነንብብ ግዜ ከም ዝሓጸረና ርዱእ'ዩ። ኣደሳቲ ልምድና ንክኸውን ግን መረጽቲ ክንከውን ከም ዘለና ብዙሓት ልምዲ ንባብ ዘለዎም ክኢላታት ይሕብሩ። ቲም ፈሪስ ኣብ ኒውዮርክ ብሉጽ ሽያጥ መጽሓፍቲ ዝተረቐሐ ጸሓፊ፡ ኣብ ሰሙን ካብ ሓድ ክሳብ 4 መጽሓፍ ከም ዘንብብ ገሊጹ። ነቶም ዘንብቦም መጽሓፍቲ ድማ መሪጹ ከም ዘንብብ ወሲኹ ይሕብር። ቅልጣፈን ኣገባብ ኣናብባን ካብ ሰብ ናብ ሰብ ክፈላለ ይኽእል'ዩ። ስለዚ ኹሉ ብማዕረ ክጥቀመሉ ዝኽእል ሓደ ዓይነት ኣገባብ ክህሉ ኣይክእልን'ዩ። በዚ መሰረት፡ ጥቕሚ ምንባብ ተረዲእና ናትናን ንዓና ዝምችኣናን ኣገባብ ክንክተል ማዕዳ ኪኢላታት'ዩ። ፕሮፈሰር ጂመንዘስ፡ "ንሰሙን ሓንቲ መጽሓፍ ከምቲ ንሓስቦ ከቢድ ኣይኮነን፡" ብምባል፡ ኣብ ኤችቢኣር ዝዘርግሖ ነጥብታት መርበብ ሓበሬታ መዲዩም ዶት ኮም ናብ ኣንበባት ዘርጊሓቶ ትርከብ። እቶም ነጥብታት እዞም ዝስዕቡ'ዮም፤

1\. ብደራሲ ጀምር፣

መን'ዩ ነታ መጽሓፍ ጽሒፍዋ? ታሪኽ ህይወቱ ተወከስ። ንሱ ዝገበሮም ቃለ-ምሕትትን ዓንቀጻትን ተረኺብካ ጽቡቕ። ናይቲ ጸሓፊ ኣመለኻኽታን ወገንነትን ክትርዳእ ዝሕግዝ'ዩ። እዚ ብምግባር እንታይ ከተንብብ ወይ ናይ መን ከተንብብ ተዳሊኻ ኣለኻ፡ እቲ ደራሲ ብምፍላጥ ናይቲ እተንብቦ ስእሊ ክትሕዝን ክትውስንን የኽእለካ።

2\. ኣርእስቲ፡ ንኡስ ኣርእስቲ፡ ሰንጠረጅ ትሕዝቶ፡ ንመልከቶ፣

እቲ ዝዓበየ ምጉት ናይ ጽሑፍ እንታይ እዩ? እቲ ምጉት ከመይ ኢሉ ቈይሙ ኣሎ? ንኽንርዳእ የኽእለና። እዚ ምግባር ኣውራ ሓሳብ እቲ ጽሑፍ እንታይ ምኳኑ ክንርዳእ የኽእል።

3\. መእተውን መደምደምታን ነንብቦ፣

ጸሓፊ መንቀሊ ሓሳቡን መዛዘሚኡን ዘስፍረሉ ገጽ'ዩ። ብቕልጡፍ ነዞም ክፋላት ብምንባብ ናይቲ መጽሓፍ ሓፈሻዊ ስምዒት ክንርዳእ የኽእለና። እንታይ'ዩ ዛዕባ እቲ ጉዳይ ካብኡ (ካብቲ ጽሑፍ) እንታይ ኢና ክንረክብ ንዝብሉ ዛዕባታት ክምልሰልና ይኽእል። ጸሓፊ ንዘበገሶ ሓሳብ ከመይ ኢሉ ናብ መዛዘሚ የብጽሖ ኣሎ ክንርዳእ የኽእል።

4\. ንነፍሲ ወከፍ ገጽ ሸፈፍ ኢልና ወይ ብላህመታዊ ኣገባብ ንሕለፎ፣

ኣርእስትን፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ገጽ ዝርከቡ ሕጥበ ጽሑፋት ብሸፈፍታ ምሕላፍ ኣገዳሲ'ዩ። እዚ ምግባር ጸሓፊ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ገጻት ንነጥብታት ብኸመይ የስፍሮምን ዋሕዞም ብኸመይ ይኽተሎምን ንኽንርዳእ የኽእል። ኣብዚ ብሸፈፍታ ክሓልፎ ኣብ ትብለሉ ተመሲጥካ ናብ ምሉእ ምንባብ ክትሰግር ትኽእል ኢኻ። እንተ ተመሲጥካ ዘይምቍራጽ ተመራጺ'ዩ።

5\. ኣብ መዛዘሚ ዘሎ ሰንጠረጅ ትሕዝቶ ደጊምና ነንብቦ፣

ሓንሳብ መጽሓፍ ኣንቢብና ምስ ዛዘምና፡ ነቲ ናይ መዛዘሚ ሰንጠረጅ ምንባብ ተመራጺ ምኳኑ ይሕበር። እዚ ነቲ ዘንበብካዮ ኣብ ርእስኻ ክሰፍርን ተዘካሪ ኹይኑ ከደስትካን ሓጋዚ'ዩ። ነቲ ደራሲ ዘብገሶ ምጉት ብኸመይ ዛዚምዎ ምስ ነብስኻን ምስቲ ጽሑፍን ክትማጎት እውን የኽእል።

ፕሮፌሰር ጂምነዝ፡ "ኣነ ምንባብ ናብ ልምዲ ቀይረዮ'የ። ኣብ ንቡር ኩነተ-ኣእምሮ ኣብ ዘይህልወሉ ኣየንብብን'የ። ንትጽቢታተይ ከፍርሶ ስለ ዘይደሊ። ግን ኣብ ዝኾነ ቦታ፡ ዋላ'ውን ናይ 5 ደቒቕ ዕድል ኣብ ዝረኽበሉ፡ ካብ ምንባብ ድሕር ኣይብልን'የ፡" ይብል።

ስለዚ ቍርስና፡ ምሳሕና ወይ ድራርና ክሳዕ ዝዳሎ ነንብብ። ኣውተቡስ ኣብ እንጽበየሉ ነንብብ። ካብ ናይ ተለቭዥንን ኢነተርነትን ግዜና ብምቕናስ ናብ ንባብ ነውፍሮ። ንሰሙን ግድን ሓንቲ መጽሓፍ ከነንብብ ኢልና ኣይንበገስ። ብሓጸርቲ ጽሑፋት ክንጅምር ንኽእል። ናይ ህይወት ኣርዳድኣን ኣመለኻኽታን ክነዕቢ ብዝኾነ መንገዲ ናይ ምንባቢ ልምዲ ንኽነጥሪ ክንጽዕር ኣለና። ይምችኣና ዝበልናዮ ኣገባብ ብምኽታል ናይ ንባብ ሸውሃትና ንኽፈቶ። ልምዲ ሓንቲ መጽሓፍ ንሰሙን ናይ ህይወት ሽቶ ንግበሮ።

# ሓሳባት

## ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?



ሲራክ ክፍለ
መበል 30 ክፋል

*ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ማሕበረሰብ እንታይ ማለት ምዃኑን ንማሕበረሰብ ዘቖሙ ደንቢታትን ክብርታትን ኣገባባትን ከምኡ'ውን ብዛዕባ ውዳበ ግደ ማሕበራዊ ውድባትን ትካላትን፣ ተራን ሓላፍነትን መንግስቲ፣ ብዛዕባ ውልቃዊን ሓባራዊን ድልየታት ኣብ ውሽጢ ማሕበረሰብ፣ ተራ ማሕበራዊ ውዳበታት ኣብ ምፍጻም ሓባራዊ ድሌትን ምፍታሕ ግርጭታትን፡ ጠንቂ ግርጭት ኣብ ማሕበረሰብ፣ ትርጉምን ኣገዳስነትን ማሕበራዊ ምምዕርራይ፣ ማሕበራዊ ውዳበ ኣብ ሓዳስ ኤርትራ፣ ተመልኪትና ነይርና። መቐጸልታኡ ይስዕብ–*

***

### ምሕደራ

ደሞክራሲ ናይ ግሪኽ ኣምር ኮይኑ ቃል-ብቓሉ ክትርጉም እንከሎ ህዝባዊ ምሕደራ ማለት እዩ። ዝርዝራት መግለጺኡ ብዙሕ ኮይኑ፡ ብሓጺር ኣገላልጻ ግን ደሞክራሲ ማለት፡ ዓቕሚ ኣዳም ዝበጽሑ ዜጋታት፡ ብወለንታኦም ብቐጥታ ወይ ብተዘዋዋሪ መገዲ ዝመረጽዎም ሰባት ዘመሓድርዎ መንግስቲ ምቛም ማለት እዩ።

"ህዝቢ ዝበሃል መን እዩ?" ዝብል ሕቶ መልሱ ቀሊል ይመስል። ኣብ ታሪኽ ወዲ-ሰብ ግን ቀሊል መልሲ ኣይነበሮን። ኣመሪካውያን ቀዋም ሃገሮም ኣብ ዝጸሓፉሉ "ህዝቢ" ኢሎም ዝቐጸርዎም ዝነበሩ ንብረት ዘለዎም ትሕቲ 10% ጸዓዱ ሰብኡት ጥራይ እዮም ነይሮም። ኤውሮጳውያን እውን እንተኾነ ካብቲ ብደሞክራሲ ኢና ንመሓደር ክብልሉ ዝጀመሩ እዋን ንልዕሊ 100 ዓመት ንደቀንስትዮ ከም "ህዝቢ" ይቖጽሩወን ከምዘይነበሩ ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ተገሊጹ ኣሎ።

ብኣንጻር'ዚ ታሪኻዊ ሓቂን ክውንነትን ሃገራት ምዕራብ፡ መብዛሕትአን ሃገራት ኣፍሪቃ "ህዝቢ" ዝብልአ ኣብቲ ሃገር ንዝነብር ኩሉ ሰብ እዩ። ኣብዘን ሃገራት፡ ደሞክራሲ ክሳብ ክንደይ ማዕቢሉን ወርጺጹን ንግዚኡ ንኺ ገዲፍና፡ እዚ ኣፈላላይ ዘይብሉ ኣመለኻኽታ'ዚ ዓቢ ጸጋ እዩ።

ደሞክራሲ ኑቶም ዘቖምዎ ክልተ ቃላት ማለት "ህዝቢ"ን "ምሕደራ"ን ነጺልካ ብምትንታን ጥራይ ዝግለጽ ኣይኮነን። ይኹን'ምበር እዞም ክልተ ኣምራት ከይፈተሾካ'ውን ኑቲ ደሞክራሲ ዝብል ሰፊሕ ኣምር ምርዳእ ኣይከኣልን እዩ። ንግዚኡ ግን ነዚ ገዲፍና፡ ኣብቲ "ምሕደራ"(rule) ዝብል ኣምርን ትርጉሙን ክነተኩር። "ምሕደራ"ማለት እንታይ ማለት'ዩ?

ምሕደራ ከም ቃል "ምምሕዳር" ዘሰምዕ ኮይኑ እንተላይ "ደንቢ" ንዝብል ኣምር እውን ዝገልጽ እዩ። ንደሞክራሲ ሓያልን ኣገዳስን ዝገብሮ ድማ እቲ "ደንቢ" ዘሰምዕ ትርጉሙ እዩ። ደሞክራሲ ክልዓል እንከሎ፡ ብዙሓት ሰባት ከከም ዝመሰሎም ዘጽብብዎ ወይ ዝመጥዎ ኑቲ ደንቢ ዝብል ትርጉሙ እዩ። ነዚ ኣብ ዝቕጽል ጽሑፍና ብሰፊሑ ክንርእዮ ኢና።

ቅድሚ ኣብ ዝርዝራት ምሕደራ ምእታውና፡ ደሞክራሲ ንመኻብርቲ ሰባት ብኸመይ ይጸሉ? ዝብል ሕቶ ምልዓል ኣገዳሲ እዩ። ከም ዝፍለጥ ናይ ዓዲ ወይ ከተማ፡ ምምሕዳር ከባቢ፡ ዞባ፡ ወይ ናይ ሃገር "ምርጫ" ኣብ ኣርባዕተ ወይ ሓሙሽተ ዓመት ሓንሳብ ጥራይ እዩ ዝካየድ። ስለዚ እቲ ንሰባት ብዛዕባ ደሞክራሲ ልዕሊ ኩሉ ዘገድሶም እቲ ኣብ ኣርባዕተ ዓመት ሓንሳብ ዝካየድ ምርጫ ጥራይ ክኸውን ኣይክእልን። መብዛሕትኡ ሰብ፡ እቲ ምስ መንግስቲን ካልእ ትካላትን ዘለዎ መዓልታዊ ርክባትን ልውውጥን እዩ ዝያዳ ኣገዳሲ። ኣብ መዓልታዊ ርክባትን ልውውጥን ድማ መብዛሕትኡ ሰብ ምስ ውሱናት ወሃብቲ ኣገልግሎት መንግስታዊ ኣካላት ጥራይ እዩ ዝራኸብ። ዝበዝሐ ሰብ ኣብ መዓልታዊ መነባብሮኡ ምስቶም ሓጋጊ፡ ፈጻምን፡ ፈራድን ዝበሃሉ ኣካላት መንግስቲ ቀጥታዊ ርክብ የብሉን። ምናልባት ኣብ ቤት-ፍርዲ ጉዳይ ዘለዎ ሰብ ምስ ፈራዲ ኣካል ክራኸብ ይኽእል። ብመንጽር መላእ ብዝሒ ህዝቢ ክርአ እንከሎ ግን እቲ ናብ ቤት-ፍርዲ ዝመላለስ ህዝቢ ኣዝዩ ውሑድ እዩ ክበሃል ይከኣል።

ርክብ ዝበዝሐ ሰባት እምበኣር፡ ምስ መንግስታዊ ቢሮክራሲ፡ ዘይመንግስታዊ ትካላትን፡ ውልቀ-ሰባትን እዩ። ኣብ ዝመጽእ ጽሑፋትና ብዝያዳ ከም እነንብቦ፡ "ቢሮክራሲ" ሰፊሕ ክፋል መንግስታዊ ኣካል ኮይኑ፡ ካብ ሓጋጊ፡ ፈጻሚ፡ ፈራዲ ኣካላት ኣዝዩ ዝተፈልየ እዩ።

ቢሮክራሲ፡ ዘይመንግስታዊ ትካላትን (ንኣብነት ንግዳዊ ትካላት)፡ ኣብ መነባብሮን መዓልታዊ ድልየት ወይ ትጽቢት ሰባት፡ ወሰንቲ እዮም እኳ እንተዘይተባህለ ዓቢ ጽልዋ ዘለዎም እዮም። እዚ ክበሃል እንከሎ ቢሮክራሲን ዘይመንግስታዊ ትካላትን ኣብ መዓልታዊ መነባብሮ ሰባት ዘለዎም ጽልዋ ብጥርኑፍ ሕማቕ ወይ ጽቡቕ ኢልካ ምግላጽ ዘሸግር እዩ ወይ ብዙሕ ግብራዊ ትርጉም የብሉን። ንኣብነት ቢሮክራሲ ኣብ መነባብሮ ሰባት ዘለዎ ጽልዋ ማለት እገዳን (sanctions) ኣኻእሎን (opportunities) ክንደህስስ እንተደሊና 'ኣየናይ ኣካል ቢሮክራሲ? ኣበየናይ ጸፍሒ?' ኢልካ ምሕታት ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ከመይሲ፡ ኣብ ቢሮክራሲያዊ ኣሰራርሓ ድኻማትን ጉድለታትን ኣበይን ብመንን ተፈጺሙ ከይፈለጥካ ምፍትሑ ስለዘይከኣል።

ንኣብነት ጉዳይ ገቦ ንውሰድ። ሓደ ወይ ብዙሓት ፖሊስ ትራፊክ ገቦ ብምሕታት ንዘወርቲ መካይን ዘሸግሩ እንተኾይኖም፡ ሰራሕተኛታት ቤት ጽሕፈት ዋኒን ንክጋዶ ሊቸንሳ ከፍቅዱ ገቦ ዝሓቱ እንተኾይኖም፡ ናይ ከተማ ፖሊስ (ሚኒቸፕዮ) ንትካላት ብላዕ ዝሓቱ እንተኾይኖም፡ ብሓፈሻ ናይ ቢሮክራሲ ካብኡ ሓሊፋ ድማ፡ ናይ መንግስቲ ተግባር እዩ ምባል ናብ መፍትሒ ከምርሕ ኣይክእልን። ፖሊስ ትራፊክ፡ ሰራሕተኛታት ቤት ጽሕፈት ዋኒን፡ ሚኒቸፕዮ፡ ክፋል ቢሮክራሲ እምበር ንባዕሎም መንግስቲ ኣይኮኑን። ኣብ መንግስታዊ ኣሰራርሓ ድማ ብምሉኡ ክፋል ቢሮክራሲ ብምርጫ ዝመጽእ ወይ ዝእለ ኣይኮነን። ብኻልእ ኣበሃህላ ድኻማት፡ ጉድለታት ቢሮክራሲ "ብደሞክራሲያዊ ምርጫ" ዝፍታሕ ኣይኮነን። መፍትሒኡ፡ መንግስታዊ ስልጣን ዝሓዘ ውዳበ ወይ ፖለቲካዊ ሰልፊ እንታዋይ እዩ ብዘዮገድስ ጽፉፍ ቢሮክራሲ ምስ ዝሃንጽ እዩ። እዚ ድማ ኣብ ዝቕጽል ጽሑፍና ብተዛማዲ ናይ ኤርትራን ካልኦት ሃገራትን ክንገልጾ ክንፍትን ኢና። ኣብዚ ክነተኩረሉ ደሊና ዘለና ኣዝዩ ኣገዳሲ ነጥቢ "ምርጫ" ኣገዳሲ ክፋል ደሞክራሲ ይኹን እምበር፡ ኣብ መዓልታዊ መነባብሮ ሰባት ዝያዳ ጽልዋ ዘለዎን ኣገዳሲን ጽሬት ቢሮክራሲን ዘይመንግስታዊ ትካላትን ምዃኑ ንምንጻር እዩ።

### መንግስታውን ዘይመንግስታውን ኣካላት

መንግስታዊ ኣካላትን ዘይመንግስታዊ ትካላትን ክንብል እንከለና'ኸ እንታይ ማለትና እዩ? ተመሳሳልነት'ከ ኣለዎም'ዶ? መንግስቲ ክንብል እንከለና፡ ንሓጋጊ፡ ፈጻሚ፡ ፈራዲ ኣካልን ቢሮክራሲን ዘጠቓልል እዩ። ዘይመንግስታዊ ትካላት ድማ፡ ማሕበራዊ ውዳበታት (ፖለቲካዊ ሰልፍታት፡ ወለንታዊ-ማሕበረሰባት)፡ ኮርፖረሽናት (ማሕበራውን ውልቃውን ንግዳዊ ትካላት፡ ውልቃዊ ዋኒናት) የጠቓልል።

መንግስትን ዘይመንግስታዊ ትካላትን ብዙሕ ተመሳሳሊ ባህርያትን ኣካላትን (organs) ኣለዎም። ንኣብነት ናይ መንግስቲ ቀንዲ ኣካላት፡ "ሓጋጊ ኣካል"፡ "ፈጻሚ ኣካል"፡ "ቢሮክራሲ"ን "ፈራዲ ኣካል"ን እዮም።

ኣብ ማሕበራዊ ውዳበታት፡ ንኣብነት ፖለቲካዊ ሰልፊ፡ ኣብ ሓፈሻዊ ጉባኤ ኣባላት ዝምረጹ "ማእከላይ ሽማግለ" ኣብ መንጎ ክልተ ጉባኤታት "ሓጋጊ ኣካል"፣ ብማእከላይ ሽማግለ ዝምረጽ "ፈጻሚ ሽማግለ" ድማ "ፈጻሚ ኣካል"፣ ኣብ ትሕቲ እቲ ገዛኢ ፖለቲካዊ ሰልፊ ብምርጫ ዘይኮነስ ተቖጺሮም ዝሰርሑ ድማ "ቢሮክራሲ" ናይ ሰልፊ ኢልካ ምግላጽ ይከኣል እዩ።

ኣብ ዓበይቲ ኮርፖረሽናት'ውን ኣብ ዓመታዊ ጉባኤ ዝምረጹ "ኣባላት ቦርድን ካልኦትን" ኣብ መንጎ ሓፈሻዊ ጉባኤ "ሓጋጊ ኣካል"፣ በቲ ቦርድ ዝቖጸሩ "ላዕለዎት ሓለፍቲ" ትካል "ፈጻሚ ኣካል"፣ ዝተረፉ ተቖጺሮም ዝሰርሑ ሰራሕተኛታትን ኣማኸርትን ድማ፡ "ቢሮክራሲ" ናይ ኮርፖረሽን ኢልካ ምግላጽም ይከኣል እዩ።

ማሕበራዊ ውድባትን ኮርፖረሽናትን እውን ኣብ ሓፈሻዊ ጉባኤ "ውሽጣዊ ተቖጻጻሪት" ይመርጹ እዮም። እዛም ተቖጻጻሪት ድማ፡ ሓውሲ "ፈራዲ ኣካል" ኢልካ ምጽዋዖም ይከኣል እዩ። ይኹን'ምበር፡ ናይ ሃገር "ፈራዲ ኣካል" ክፋል መንግስቲ ኮይኑ፡ ኣብ ልዕሊ መንግስታውን ዘይምንግስታውን ትካላት ይኹኑ፡ ውልቀሰባት ክሲ ናይ ምምስራትን ምፍራድን ስልጣን ኣለዎ። እዚ ሓፈሻዊ መግለጺ ተመሳሳልነት መንግስታዊ ኣካላትን ዘይመንግስታዊ ትካላትን ንምርዳእ ሓጊዚ እዩ።

**ይቕጽል. . .**

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ሓፈሻዊ ውድድር ቡያ |
| 13:30 | (ዜና ዓረብ) |
| 13:40 | ዕላል ጥበባት |
| 14:20 | ተክኢኖሎጂት |
| 14:45 | ፓኖራማ |
| 15:30 | ናትራን1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ሌላ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ናትራን 2ይ ክፋል |
| 19:15 | ፊዮሪና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ተኸታታሊት ፊልም ዕርፊ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ዶክመንት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ጾባቓ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እትመት ሲትኮም |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ሸሪዓ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲት ጠይባ መሓመድ ሰዒድ ሓመድ፡ ተኸሳሲት ዓብዱላሂ መሓመድ ዓብዱላሂ፡ ብዘልቲ ቤትካ ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለ ዘሎ፡ ን4/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

እዝሮዝርያ በራኺ ወልዱ፡ ብዘልቲ ቤተይ ከፈላ ተስፋጊዮርጊስ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንፊ28/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ኣቶ ተኽለብርሃን ጺጋይ ኣውዓለም፡ ወለደይ ጺጋይ ኣውዓለም ባህታን ሊታይ ተኽለሃይማኖት መስመርን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ምስ ናይ 2 ተተካእቲ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንፊ10/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ራህዋ ቃልኣብ ንብረመድህን፡ ብዘልቲ ቤተይ የማን ንብረመድህን ናውድ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንፊ2/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ዛይድ ያቆብ ኣብሃም፡ ወደይ ሚልኪያስ የውሃንስ ገዘኢ፡ ደሃይ ስለ ዘይብሉ ጥፉእ ተባሂሉ ይወሰነለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ንፊ2/12/24 ኣብ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ሙሴ ዘርኦም ንብረትንሳኤ፡ ኣደይ ማማት ተኾመ ኢማም ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንፊ2/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

መሓሪ ኣብርሃ ንብረሚካኤል፡ ወለድና ኣብርሃ ንብረሚካኤልን ሕርይት ንብረትንሳኤን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ ሓንቲ ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንፊ3/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ቅሳነት ኤፍሬም ፍስሃዬ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ተስፋገርግስ ትኳር ተስፋገርግሽ፡ ኣብ መንገዶም ዘሎ ናይ መኪና ሰም ምትሕልላፍ ክርክር፡ ተኸሳሲ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ንፊ3/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ረዘ ንብረሂወት ተኽለጼን፡ ኣዴና ኣብርሀት ንብረሂወት ተኽለጼን ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንፊ17/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ኣርያም ንብራይ፡ ተኸሳሲ ንኣምን ሚካኤል፡ ንጹር ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ንፊ3/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ኣቶ ነጋሲ ተስፋዝጊ ንብረመስቀል፡ ወለድና ኣወጣሽ ኣብርሃ ዑቕባጽዮንን ተስፋዝጊ ንብረመስቀል ፋንቱን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 7 ተተካእቲ ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንፊ4/12/24 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ቢንያም ዑቕባይ ደምሳስ፡ ሓትነይ ነ/ፍ ዘውዲ ንብረሚካኤል ዝሓብትኒ ለበዋ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንፊ5/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ከሳሲት ኣርያም ሮቤል ኣፈወርቂ፡ ተኸሳሲ የናስ ሙሴ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ንፊ26/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማይተመናይ ጎደና 123-11 ቁ ገዛ 5 ፕሎት 9 ፓርሰል C ስፍሓት መሬት 359 ት/ሜትር ብቁ ምስክር ወረቐት 119018 መወከሲ ቁ11010 ቀንዲ ክፍሊ 2 ተሓጋገዚ ክፍሊ 2 ብስም ነ/ሄር ንብረእግዚኣብሄር ኣርኣያ ዓንደሚካኤል ዝተመዝገበ ብውርሲ ዝረኸብናዮ ናብ ስምና ክስጋገር ስለ ዝኾና ዝቋወም እንተሃልዩ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተኣይሩ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስትራልን ቤ/ጽ ኖታሪ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ብዘሎ መተኣማመኒ ሰነዳት ጉዳይና ክንውዳ ምዃና ይሕበር።

ኣልማዝ ወልደማርያም እልፋ+7



## ሓበሬታ

### ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ። ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8፥00 – 12፥00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፥00 – 6፥00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-mail; bidhonational@gmail.com

ስቅታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ!!!

## ብስራት ንተማሃሮ ማእከላይ ደረጃ


ብፍላይ ድማ ን6ይ ክፍሊ

**ALPHA** PROBLEM SOLVER FOR GRADE 6

### ትሕዝቶ መጽሓፍ

- ኩሉ ዓይነታት ትምህርቲ ናይ 6ይ ክፍሊ ዘጠቓለለት
- ልዕሊ 850 ሕቶታት ምስ ምሉእ ኣሰራርሓን መግለጽን
- ልዕሊ 2200 መላመዲ ሕቶታት ምስ መልስታቱ
- ልዕሊ 500 ናይ ሃገራዊ መርመራ ዝመስሉ ሕቶታት ምስ መልስታቱ

ቴሌ. 07151337 ወይ 07282165




## NOTICE

Notice is hereby given that "**SEFERIAN & Co. (ASMARA) LTD S.C**" in its Extra Ordinary Meeting held in Milano, Italy on Friday 6th September 2024 **Declares that:**

1. ONE SHARE OF Mr. Agop K. Seferian is transferred to Mr. Raffi A. Seferian,
2. ONE SHARE OF Mrs. Zehaitu Ghebrezghiher is transferred to Mr. Goitom G. Michael,
3. Mr. Goitom G. Michael is appointed as a General Manager for unlimited period of time,
4. Hence, the Shareholders are:

| | |
|---|---|
| 1. Mr. Raffi A. Seferian | 630 Shares |
| 2. Mr. Antonio Seferian | 630 Shares |
| 3. Fintrans S/A Vaduz | 714 Shares |
| 4. Mr. Goitom G. Michael | 26 Shares |
| **TOTAL** | **2000 Shares** |

All other contents of the Memorandum and Articles of Association remain unchanged. Members of the Company agreed that all adjustments to be published and registered.

SEFERIAN & Co. (ASMARA) LTD. S.C

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ደቀምሓረ - ቅድድም ብሽክለታ ቀጺሉ

ጉብእል ቅድድም ብሽክለታ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ዝሓለፈ ሰንበት ንሳልሳይ ሰሙን ቀጺሉ ምንባሩ፡ ወከልቲ ዜና ሓቢሩ።

ኣብ ቀዳማይ ዲቪዥን ማውንቴን ባይክ፡ ኣብ መበል 20 ዙርያ ኣብ ዝሰበረት ቅጽቡታዊ ውድድር ዩኤል ተከኡ፡ ንኬሸን ደክኣሎን ሰም ተሰፋሃንስን ኣኽቲሉ ተዓዊቱ። ዩኤል፡ ኣብ መዛዘሚ ንኬሸኑ ሰምን ማእከለ ተኸሊትን ኣኽቲሉ ቀዳማይ ኣትዩ።

ኣብ 10ይ ዙርያ ንዝሰበረት ቅጽቡታዊ ውድድር ካልኣይ ዲቪዥን መርሃዊ ደርጋው እዩ ተዓዊቱ። የናታን ተኽለሃይማኖትን ኤርምያስ ሞጓእን ከኣ ካልኣይን ሳልሳይን ኣትዮም። ብሓፈሻ ኣብ ዚ ውድድር መርሃዊ ክዕውት እንከሎ፡ የናታን፡ ናታን ወልደገብርኤልን ኤርምያስን ክሳብ ራብዓይ ደረጃ ሓዚዞም።

ኣብ ሳልሳይ ዲቪዥን ኣብ መንገዲ ውድድር ኣብ ዝሰበረት ቅጽቡታዊ ጸወታ ሰም ክፍሎም፡ ንመዝሙር ኣሮንን ንሚልዮን ሳምሶንን ኣኽቲሉ



ክዕውት እንከሎ፡ ኣብ መዛዘሚ መዝሙር ንዘመን ፍስሃ፡ ኣምባሳደር በዘለዎምን ሰም ክፍሎምን ረቲዑ ተዓዊቱ።

ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ድማ ኣድያም ተስፋይ ሰሲና ዓንደዖምን ዘቢብ ሚካኤልን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ኣትየን።

ብዘይካዚ ኣብ እዚ ውድድር ዝኾኑ ህጻናት ምድብ 'ሀ' የሴፍ መንግስተኣብ፡ ዊር ተስፋኣለምን መርሃዊ መሓሪን፡ ኣብ ምድብ 'ለ' መዝሙር ረዘነ፡ ኖህ በረኸትን ኤቨን ግርማይን ክሳብ ሳልሳይ ኣትዮም። እዚ ውድድር ሰንበት ንራብዓይ መዓልቲ ክቕጽል እዩ።

## ውድድር ባድሚንተን ይካየድ

ውድድር ባድሚንተን ዞባ ማእከል ዝሓለፈ ቀዳም ብናይ ዝተፈላለየ ክሊ ዕድመ ጸወታታት ኣብ ጂምናዝየም ደንደን ተኻዪዱ ነይሩ።

ኣብ ናይ ትሕቲ 15 ዓመት ደቂ ኣንስትዮ፡ ሓየት ኢብራሂም ንደባብ የናስ ምርያም መሓመድብርሃን ንኢለና ከሰተ ሰዒረን ኣብ ፍጻመ ድሕሪ ምርኻበን ምርያም ንሓየት 2-0 ብምስዓር ቀዳማይ ወጺኣ። ኢሊና ከኣ ሳልሳይ ደረጃ ሒዛ።

ኣብ ተመሳሳሊ ዕድመ ደቂ ተባዕትዮ፡ ነቢ ኢሲያስ ንጾሲያስ ደበሳይ፡ ኤልሻዳይ መሴ ንናኣድ ኣሮን 2-0 ከሰዕርዎም እንከለው፡ ኤቨንኤዘር መሴ ንኬብሮን ሰለሙን ከኣ 2-1 ረቲዑዎ። ኣብ ፍርቂ ፍጻመ ነቢ ንኤቨንኤዘር፡ ኢያቤድ ንኤልሻዳይ 2-0 ሰዒሮም ኣብ ፍጻመ ተራኺቦም። ኢያቤድ ድማ 2-0 ተዓዊቱ ቀዳማይ ወጺኡ። ኤልሻዳይ ከኣ ንኤቨንኤዘር ሰዒሩ ሳልሳይ ደረጃ ሒዙ።



ኣብ ትሕቲ 18 ዓመት ደቂ ኣንስትዮ ናይ ፍርቂ ፍጻመ ጸወታ፡ ደሊና ሲብል ንሲሃም መሓመድ፡ ሆሳእና ዳዊት ንሄርሜላ ብርሃ 2-0 ብምስዓር፡ ዝመጽእ ሰንበት ኣብ ፍጻመ ክራኸባ እየን። ሄርሜላ ንሲሃም 2-0 ብምስዓር ድማ ሳልሰይቲ ወጺኣ።

ኣብ ተመሳሳሊ ዕድመ ደቂ ተባዕትዮ ናይ ፍርቂ ፍጻመ ጸወታ፡ ቅዱስ የናስ ንኤቨንኤዘር እስቲፋኖስ፡ ራኢ የናስ ከኣ ንህያብ ኢሳቕ ብተመሳሳሊ 2-0 ሰዒሮሞም፡ ሰንበት ከኣ ኣብ ፍጻመ ክራኸቡ እዮም። ህያብ ድማ ንኤቨንኤዘር 2-0 ሰዒሩ ሳልሳይ ደረጃ ሒዙ።

ኣብ ልዕሊ 18 ዓመት፡ ናይ ደረጃ ጸወታ ጥራይ እዩ ተኻዪዱ። ሃና ሃይለ ከኣ ንሲልቫና ኣብሰሎምን 2-00 ሰዒራ ሳልሰይቲ ወጺኣ። ሰንበት ድማ ኣብ መንጎ ዳናይት ቢንያምን ሊድያ ከሱተን ናይ ፍጻመ ጸወታ ክሳሳል እዩ።

ብተመሳሳሊ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ'ውን ኣቤል ኣብርሃም ንቢንያም ከሰተ 2-00 ሰዒሩ፡ ሳልሳይ ደረጃ ሒዙ። ፋትኤል ኣርኣያምን ሰናይ እዮብን ድማ ሰንበት ኣብ መዛዘሚ ክራኸቡ እዮም።

ክልተኡ ጾታ ሓቢርም ዘካይድዎ ናይ ጽምዲ (Double) ጸወታ ልዕሊ 18 ዓመት'ውን ተኻይዱ ነይሩ። በዚ መሰረት፡ ፋትኤል ኣርኣያምን ዳናይት ፍጹምን ንሳይሞን ኣማኑኤልን ሶልያና ኣብሰሎምን 2-00 ከሰዕርዎም እንከለው፡ ኣቤል ከሮስን ኤደን ጉብረትንሳኤን ንሰናይ እዮብን ዳናይት ቢንያምን 2-01 ኣፋንጺሞም።

ኣብ ፍርቂ ፍጻመ ከኣ ፋትኤልን ዳናይትን ንኢሳው ዜናንብሪኤልን ሃና ሃይለን፡ ኣቤልን ኤደንን ከኣ ንኣቤል ኣብርሃምን ሰልቫና ኣብሰሎምን ብተመሳሳሊ 2-00 ሰዒሮሞም። ኣብ ናይ ደረጃ ጸወታ ከኣ ኢሳውን ሃናን ሳልሳይ ደረጃ ሒዞም። ኩሎም ንፍጻመ ዝሓለፉ ከኣ ዝመጽእ ሰንበት ኣብ ጂምናዝየም ሂ.ማ.መ.ተ.ኤ (ደንደን) ክጻወቱ ምዃኖም፡ ህዝባዊት ርክባት ናይ'ቲ ፌደረሽን ሓቢራ።

## ዋንጫ ኣፍሪቃ 2025 . . .




መጻረዪ ግጥማት ንዋንጫ ኣፍሪቃ 2025 ሰሉስ ምሸት ድሕሪ ምውድኡ፡ ናብቲ ውድድር ዝሓለፉ 24 ሃገራውያን ጋንታታት ተፈሊጠን።

ኣብዚ ውድድር ንምስታፍ 48 ሃገራት እየን ናይ መጻረዪ ግጥማት ከሳሳላ ጸኒሐን። እተን ዝሓለፉ 24 ሃገራውያን ጋንታታት፡ ሞሮኮ (ከም ኣሰናዲኣት'ውን ምስታፉ ውሑስ ዝነበረ ኮይኑ)፡ ኣልጀርያ፡ ኣንጎላ፡ ቤኒን፡ ቦትስዋና፡ በርኪና ፋሶ፡ ካሜሩን፡ ኮሞሮስ፡ ዲሞክራሲያዊት ረፓፕሊክ ኮንጎ፡ ግብጺ፡ ኢኳቶርያል ጊኒ፡ ጋቦን፡ ኣይቮሪኮስት፡ ናይጀርያ፡ ማሊ፡ ሞዛምቢክ፡ ሴኔጋል፡ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ሱዳን፡ ታንዛንያ፡ ቱኒዝያ፡ ኡጋንዳ፡ ዛምብያን ዚምባብወን እየን።

እንተ'ታ ኣርባዕተ ግዜ ዋንጫ ኣፍሪቃ ዘልዓለት ጋና፡ ኣብዚ ውድድር ዞኸተፉ ትኬት ክትቁርጽ ኣይከኣለትን - ካብ ምድባ ብምውጻኣ።

ኣብ ሞሮኮ ዝካየድ መበል 35 ዓመት ዋንጫ ኣፍሪቃ፡ ካብ 21 ታሕሳስ 2025 ክሳብ 18 ጥሪ 2026 እዩ ክሳሳል።

## ጓርድዮላ፡ ውዕሉ ኣናዊሑ

ኣሰልጣኒ ማን ሲቲ - ፐፕ ጓርድዮላ፡ ውዕሉ ብሓደ ዓመት ከናውሖ ተሰማሚዑ - ብመሰረት ናብ እንግሊዝ ምንጪታት።

እዚ እስጳኛዊ ዓሌማ፡ ምስዚ ንታሻዒይ ዓመቱ ዝዕልማ ዘሎ ክለቡ፡ ምስ ምዝዛም እዚ ወቕቲ ኣብ ሰነ 2025 ዘብቅዕ ውዕል ኣለዎ። በዚ ሕጂ ዝፍርሞ ዘሎ ውዕል ግና፡ ንዓሰራይ ዓመቱ ማለት ክሳብ ሰነ 2026 ክጸንሕ እዩ።

ብዘይካዚ እዚ ውዕል ብሓደ ዓመት ክሳብ ሰነ 2027 ናብ ምንዋሕ ኣማራጺ ኣለዎ። ብመሰረት ጋዜጣ ዘኣትሌቲክ ከኣ ጓርደዮላ ኣብ ዝመጽእ መዓልታት ፒርን ወረቐትን ክራኽብ እዩ። በዚ ከኣ ንፕሪመር ሊግ ክትዕብልሎን ኣብ መድረኽ ኤውሮጳ ዓንቲራ ክትወጽእን ዝገበራ ኣሰልጣኒ ከይሓድጋ ሰጊአ ዝጸንሐት ማን ሲቲ፡ በዚ ሓዲሽ ውዕል ክትቀስን እያ።

ኣብ ትሕቲ እዚ ዕውት ኣሰልጣኒ "ንኣርባዕተ ተኸታታሊ ወቕቲ ዋንጫ ፕሪመር ሊግ ዘልዓለት ፈላመይቲ ክለብ" ክትከውን ዝኸኣለት ሲቲ፡ ብሓፈሻ ሽዱሽተ ናይ ሊግ ጸዋእ ኣልዒላ ኣላ - ኣብ ትሕቲ መራሕነቱ። ቀዳመይቲን እኽኮን ዋንጫ ሻምፕዮንስ ሊግውን ኣብ ከቡላ ክትሰቅል መሪሕዋ እዩ። ብሓፈሻ፡ 18 ጸዋኣት ብጓርደዮላ እናሰልጠነት ዓቲራተን ኣላ።

## ማርቲነዝ፡ ምስ ማራዶና ተመዓራርዩ



ሃገራዊት ጋንታ ከዕሶ እግሪ ኣርጀንቲና፡ ትማሊ ወጋሕታ ንፔሩ 1-ብ0 ኣብ ዝሰዓረትሉ ናይ ዋንጫ ዓለም መጻረዪ ጸወታ፡ ንእሽቶ ሽቶ ብቐዲ ኣክርዓት ዘመዝገበ ላውታሮ ማርቲነዝ መበል 32 ኣህጉራዊ ሽቶኡ ጸምቢሉ።

በዚ ከኣ እዚ ብማልያ ሃገሩ መበል 70 ግጥም ዘካየደ ኣጥቃዓይ፡ ብዝበዝሒ ሽቶታት ምስ ናይ ቀደም ተጻዋታይ ዲያጎ ማራዶና ተመዓራርዩ።

ሊዮኔል መሲ፡ ብ112 ሽቶታት 'ናይ ኩሉ ግዜ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሽቶ እዛ ሃገር' ክኸውን እንከሎ፡ ናይ ቀደም ኣጥቃዓይ ጋብሪኤል ባቲስቱታ ብ56 ሽቶታት ይስዕቦ። ኣብ ዝተፈላለየ ግዜ ጥሮታ ዝወጽኡ ሰርጆ ኣጉዌሮን ሀናን ክረስፖን ከኣ ብተኸታታሊ ብ41ን 35ን ሽቶታት ቅድሚ ማርቲነዝን ማራዶናን ተሰሪዖም ኣለው። ወዲ 27 ዓመት ማርቲነዝ ግና ኣብ ሰሩዕ ጸወታ ብምህላዉ ከኣ ንገለኦም ክሓልፎም ትጽቢት ይግበር።

## ናዳል ተሰናቢቱ

እስጳኛዊ ህቡብ ተጻዋታይ ተኒስ ባይታ ዓለም - ራፋኤል ናዳል፡ ብቐደማ ትማሊ ናይ መወዳእታ ጸወታኡ ብምክያድ፡ ካብቲ ዓውዲ ተሰናቢቱ።



ኣብ ወርሒ ሕዳር ኣብ ሃገሩ ኣብ ዝተኻየደ ዋንጫ ዳቪስ (Davis Cup) ዝበሃል ውድድር ምስ ተጻወተ ጥሮታ ክወጽእ ምዃኑ ኣቐዲሙ ሓቢሩ ዝነበረ ናዳል፡ ኣብ ርብዒ ፍጻመ ብሆላንዳዊ ቦቲስ ቫን ደ ዛንድስኹልፕ ተሳዒሩ እዩ ረኪቡ ዝሰቕል ዘሎ።

እዚ ወዲ 38 ዓመት ዕዉት ተጻዋታይ፡ ኣብዘን ዝሓለፉ ዓመታት ብሰንኪ ተደጋጋሚ መጕዳእቲ፡ ናብ ብቕዓቱ ክምለስ ምሒር ተጋዲሉ እዩ።

ናዳል፡ 22 ናይ ግራንድ ስላም ዋናጩ ብምልዓል "ካልኣይ ዝለዓለ ወዲ ተባዕታይ" ይሰርዕ። 24 ዋናጩ ዘልዓለ ኖቫክ ጆኮቪች ኣብ ቅድሚኡ ይርከብ። ሮጀር ፈደረር፡ ብ20 ዋናጩ ይስዕቦ። እዞም ተጻወትቲ ኣብ እዋኖም "እቶም ሰለስተ ብሉጻት" ተባሂሎም ይጽውዑ ነይሮም። ኣቐዲሙ ስዊዘርላንዳዊ ፈደረር፡ ኣብ 2022 ጥሮታ ብምውጽኡ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ኖቫክ ጥራይ ተሪፉ ኣሎ።

ብዒጋማይ ኢዱ ዝጻወት ናዳል፡ ድሕሪ'ታ እናንብዑ ዝተፈናወላ ጸወታ፡ ካብ ዴቪድ በክሃም፡ ፈደረር፡ ጆኮቪች፡ ሴሬና ዊሊያምስ፡ ኣንዲ ሙራይን ካልኦት ፍሉጣት ስፖርታውያንን ናይ ሰንብታ መልእኽቲ ተቐቢሉ።

## ዜና ብሓጺሩ

* ሓዲሽ ኣሰልጣኒ ክለብ ጀኖኣ ኮይኑ ዝተመዘ ፓትሪክ ቬይራ፡ ክሳብ ሰነ 2026 ዝጸንሖ ውዕል ፈሪሙ።

* ኣብ ፍጻመ ጸወታ ዋንጫ ዓለም 2006 ብርእሲ ዘይኑዲን ዚዳን ዝተሃርመ ተኸላኻሊ ኢጣልያ ማርኮ ማተራዚ፡ ካብቲ ፈረንሳዊ ይቕረታ ከምዝደጸበ ገሊጹ።

"ድሕሪ'ታ መዓልቲ ምስ ዚዳን ኣይተዘራረብኩን። ዝኾነ ርክብ የብልናን። ንሱ ብዓል ታሪኽ እዩ፡ ኣብ ልዕሊኡ ክብሪ ኣለኒ። ይቕረታ ክብለኒ ኣይጽበዮን እየ። እንተ'ኾነ ሕጂ ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት ግና፡ ምስኡ ክዘራረብ ደስ ምበለኒ። ዝኾነ ጸገም ድማ ኣይምሃለወን።" ኢሉ።

ዚዳን ንማተራዚ "ድሕሪ ጸወታ ማልያይ ክህበካ እየ" ምስ በሎ፡ እቲ ኢጣልያዊ "ሓፍትኻ እየ ዝደሊ" ኢሉ ምስ መለሰሉ እዩ፡ ብርእሱ ኣብ ኣፍ ልቡ ሃሪሙ ኣብ ባይታ ሰጢሕዎ፡ ብቐይሕ ካርድ ድማ ተባሪሩ። ኣብቲ ጸወታ፡ ኢጣልያ ብፍጹም ቅላዕ ከምዝተዓወተት ይዝከር።



# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ሩሲያ፡ ኑክሌሳዊ ፖሊሲኣ ቀይራ

ዩክሬን ነዊሕ ርሕቀት ዝውንጨፍ ባለስቲካዊ ሚሳይል ኣመሪካ ተጠቒማ ኣብ መሬት ሩሲያ መጥቃዕቲ ድሕሪ ምፍጻማ፡ ፕረዚደንት ቪላድሚር ፑቲን ኑክሌሳዊ ፖሊሲ ሃገሩ ከቕየር ብወማዒ ፈሪሙ።

ሩሲያ፡ ዩክሬን ሚሳይላት ኣመሪካ ተጠቒማ ኣብ ግዝኣታ መጥቃዕቲ ከይተካየድ እኳ ብተደጋጋሚ ከተጠንቕቕ እንተጸንሐት፡ እታ ሃገር ግን ነቲ ከዛራርብ ዝጸንሐ ጉዳይ ዕሽሽ ብምባል፡ ነዊሕ ርሕቀት ዝውንጨፍ ባለስቲካዊ ሚሳይል ኣብ መባል 1,000 መዓልቲ ናይቲ ኩናት ከምዝወንጨፈቶ፡ መርበብ ሓበሬታ 'ረሻ ቱደይ' ሓቢሩ።


በዚ ኸኣ፡ ፑቲን ኣብ ፖሊሲ ኣጠቓቕማ ኑክሌር ሩሲያ ሓደስቲ ሕጋጋት ከምዝጸደቐ ይገልጽ ኣሎ።

ብመሰረት እቲ ወጺኡ ዘሎ ሓድሽ ወተሃደራዊ ሰረተ-እምነት (ዶክትሪን)፡ ዘይኖቶ ኑክሌሳዊ ኣጽዋር ዘይዓጠቐት ሃገር ብሓንቲ ኒኩሌር ዝዓጠቐት ሃገር ተደጊፋ ኣብ ልዕሊ ሩሲያ መጥቃዕቲ ምስ እትፍጽም፡ ክልቲኣን ሃገራት ኣብ ልዕሊ ሩሲያ ሓብራዊ መጥቃዕቲ ከምዝተፈጸመ ዝቖጽር።

ካብዞም ዩክሬን ናብ ሩሲያ ዝወንጨፈቶም ሽዱሽተ ሚሳይላት፡ እቶም ሓሙሽተ ብጸረ-ሚሳይላት ሃገሩ ከምዝበርዓሉ ዝሓበረ መንግስቲ ሩሲያ፡ እቲ ሓደ ግን ኣብ ሰማይ ምስ ተሃርመ ፍንጫልጫላቱ ኣብ ሓደ ወተሃደራዊ መዓስከር ብምውዳቕ ባርዕ ከምዝሰዓበ ገሊጹ።

እንተኾነ፡ እቲ ባርዕ ኣብ ሰብ ዘውረዶ ጉድኣት ከምዘየለ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ሩሲያ ኣረዲኡ።

ሩሲያ ንስጉምቲ ዩክሬን ተመጣጣኒ ግብረ-መልሲ ክትህበሉ ምኳና ተጠንቂቓ ብምህላዋ፡ እቲ ግጭት ናብ ሳልሳይ ኩናት ዓለም ከይምርሕ ኣብ ብዙሓት ወገናት ሻቕሎት ፈጢሩ ምህላዉ ይግለጽ ኣሎ።



## ሀይቲ - ሓያሎ ኣባላት ገበናዊ ጉጅለ ተቐቲሎም

ኣብ ከተማ ፖርት-ኡ-ፕሪንስ - ሀይቲ፡ ብውሑዱ 28 ኣባላት ናይ ገበን ጉጅለ ብኣባላት ጸጥታ እታ ሃገር ከምእተቐትሉ ተገሊጹ።

እቶም ገበነኛታት ምኳኖም ዝተጠርጠሩ ዕጡቓት፡ ኣብ ከተማ ፖርት-ኡ-ፕሪንስ ሓድሽ መጥቃዕቲ ኣብ ዝፈነዉሉ እዋን'ዮም ብኣባላት ጸጥታ'ታ ሃገር ተቐቲሎም።

ብተወሳኺ፡ ኣብቲ ናይ ተኹሲ ልውውጥ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ተኻቲሰቲ'ውን ኣብ ኢድ ሓይልታት መንግስቲ ሀይቲ ከምዝኣተወ እዩ ዝሕበር ዘሎ።

ገለ ነበርቲ ከተማ ፖርት-ኡ-ፕሪንስ፡ እቶም ገበነኛታት ብዘኸፈቱዎ ሓዲሽ መጥቃዕቲ ኣዝዮም ከምእተቐጥዑ ብምግላጽ፡ ኣብ ጎድኒ'ቶም ኣባላት ጸጥታ ኮይኖም ኣንጻሮም ከምእተቓለሱ ገሊጾም።

ዝሓለፈ ሰሙን፡ ዕጡቓት ጉጅለታት ሀይቲ ኣብ ልዕሊ ሓንቲ ካብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ተበጊሳ ኣብ ከተማ ፖርት-ኡ-ፕሪንስ ትዓልብ ኣብ ልዕሊ ዝነበረት ነፋሪት ተኹሲ ድሕሪ ምኽፋቶም፡ ብርክት ዝበሉ መንገዲ ኣየራት ናብታ ሃገር ክኸይዳ ዝጸንሓ በረራታት ከቋርጻኦ ከምእተገደዳ ዝዝከር እዩ።

በዚ ኸኣ፡ ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ መዓልታት፡ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ሀይቲ፡ ብሰንኪ'ቲ ጸጥታዊ ዘይምርግጋእ ምሉእ ብምሉእ ተዓጽዩ ምህላዉ'ዩ ዝሕበር ዘሎ።

ኣስታት 11.5 ሚልዮን ህዝቢ ዘለዋ ሀይቲ፡ ብሰንኪ'ቲ ኣጋጢሙዋ ዘሎ ከቢድ ጸጥታዊ ዘይምርግጋእ፡ ልዕሊ 160 ሽሕ ነበርታ ካብ ኣባይቶም ከምእተመዛበሉ ጸብጻባት የመልክቱ።



## ናታንያሁ፡ ጅሆ ንዝተታሕዙ ዜጋታቱ 'ሽልማት ክህብ እየ' ይብል



ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ናታንያሁ፡ ኣብ ወሸመጥ ቓዛ ብሓማስ ጅሆ ተታሒዞም ንዝርከቡ ዜጋታቱ፡ ነፍሲ-ወከፎም 5 ሚልዮን ዶላር ሽልማት ክህብ ምኳኑ ኣፍሊጡ።

እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ብተወሳኺ፡ እቶም እስራኤላውያን ካብ ኢድ ሓማስ ብሰላም ክልቀቑ ንዝተሓባበሩ ፍልስጤማውያን እውን ካብ ቓዛ ምስ ስድራቤቶም ጠቕሊሎም ንኽወጹ መንግስቲ እስራኤል ክሕግዞም ምኳኑ ቃል ኣትዩ።

ንሱ ነዚ ዝገለጸ ዝሓለፈ ሰሉስ ኣብ ወሸመጥ ቓዛ ኣብ ዝበጽሓሉ እዋን'ዩ።

ኣስታት 101 ዜጋታታ ኣብ ወሸመጥ ቓዛ ጅሆ ተታሒዞም ከምዘለዉ እትገልጽ እስራኤል፡ ሓደ ሲሶ ካብኣቶም ሞይቶም ክኾኑ ከምዝኽእሉ ትግምት።

ስድራቤት ናይ'ቶም ጅሆ ተታሒዞም ዘለዉ ወገናትን ካልኣት ደገፍቶምን ብቐጻሊ ናብ ጎደናታት ከተማ ቴልኣቪቭ ብምውጻእ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ናታንያሁ ስምምዕ ምቅራጽ ተኹሲ ክኸትም፡ ሓማስ ድማ ኑቶም ጅሆ ሒዝዎም ዘሎ ብቕልጡፍ ናጻ ክለቕቕ ዝጠልብ ተቓውሞታት የካይዱ ከምዘለዉ ይፍለጥ።

ናታንያሁ፡ ወተሃደራዊ ስጉምቲ፡ እቲ እንኮ ኑቶም ጅሆ ናጻ ከውጽኦም ዝኽእል ኣማራጺ ምኳኑ ብምሕባር፡ ሹቶታቱ ከይወቐዐ ኣብ ወሸመጥ ቓዛ ዘካይዶ ዘሎ መጥቃዕትታት ደው ከምዘየብሎ እዩ ብተደጋጋሚ ክገልጽ ጸኒሑ።

ምንቅስቓስ ሓማስ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ንወሸመጥ ቓዛ ዳግማይ ከምዘየመሓድር ዝገለጸ ናታንያሁ፡ ሰራዊት እስራኤል ኣብቲ ወሸመጥ ዝኣደ ስራሕ ደሰርሕ ከምዝሎ'ውን ወሲኹ የረድኡ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ብሰንኪ'ቲ ልዕሊ ዓመት ኣቝጺሩ ዘሎ ኣልማሚ ደብዳብ እስራኤል ኣብ ወሸመጥ ቓዛ፡ ልዕሊ 44 ሽሕ ፍልስጤማውያን ክሞቱ እንከለው፡ ካልኦት ልዕሊ 100 ሽሕ ድማ ቈሲሎም ኣለው።

## 'ኣብ ሊባኖስ ልዕሊ 200 ቈልዑ ተቐቲሎም' ው/ሕ/ሃ



እስራኤል ቀድሚ ክልተ ወርሒ ኣብ ሊባኖስ ወተሃደራዊ ወፍሪ ካብ ትጅምር ንደሓር፡ ዛጊት ልዕሊ 200 ሊባኖሳውያን ቈልዑ ከምእተቐትሉ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣፍሊጡ።

ብመሰረት እቲ ውድብ ዝዘርግሖ ሓድሽ ጸብጻብ፡ ኣብታ ዓረባዊት ሃገር ብመጥቃዕትታት እስራኤል መዓልታዊ ብውሑዱ 3 ቈልዑ ይሞቱ ኣለው።

እቲ ግጭት ንህጻናት ሊባኖስ ከቢድ ራዕዲ ፈጢሩሎም ከምዘሎ ዝሓበረ ማሕበር ቈልዑ ውድብ ሕቡራት ሃገራት (ዩኒሴፍ)፡ መብዝሕትኦም እቲ ኩነታት ብዘስዓቦ ሕማም ኣእምሮ (ምድንጻዝ) ይጥቅዑ ከምዘለዉ ኣመልኪቱ።

ኣብ ወሸመጥ ቓዛ ዛጊት ልዕሊ 17,400 ቈልዑ ተቐቲሎም ከምዘለዉ ዝሓበረ ጸብጻብ እቲ ውድብ፡ እዞም ኣብ ሊባኖስ ዘለዉ ቈልዑ ድማ ዕጫ ቘልዑ ቓዛ ከይበጽሖም ዘሰግእ ምኳኑ ኣተሓሳሰበ።

እስራኤል ኣብ ወሸመጥ ቓዛን ሊባኖስን ብሰንኪ እተካይዶ ዘላ ኢሰብኣዊ መጥቃዕትታት፡ ዝያዳ ቈልዑትን ኣንስትን ግዳያት ይኾኑ ከምዘለዉ እዩ ክሕበር ጸኒሑ።

ኣብዚ እዋን ኣብ ሊባኖስ ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቑጸሩ ቈልዑ ብዘይ መጽለሊ ተሪፎም፡ ካብ መኣዲ ትምህርቲ ርሒቖም ከምዘለዉ ይግለጽ።

ብተወሳኺ፡ ኣብ ሊባኖስ ብሰንኪ ደብዳብ እስራኤል ዛጊት ልዕሊ 3,452 ሰባት ክሞቱ እንከለው፡ ካልኦት ኣስታት 14,460 ድማ ቈሲሎም ኣለዉ. - ብመሰረት ጸብጻባት ሚኒስተሪ ጥዕና እታ ሃገር።

## ቻይናን ህንድን፡ ዝምድናኣን የመሓይሻ



ሚኒስትራታት ጉዳያት ወጻኢ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይናን ህንድን፡ ኣብ መንጎ ክልቲኣን ሃገራት ቀጥታዊ በረራ ነፈርቲ ዳግማይ ንምጅማር ከምእተሰማምዑ ይሕበር ኣሎ።

እቲ ኣብ መንጎ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ዋንግ-ጊን ህንዳዊ መዛኑኡ ሱብራህማንያም ጃይሻንካርን ኣብ ከተማ ሪዮ-ዲ-ጃኔሮ - ብራዚል ኣብ ዝተኻየደ ዋዕላ ሃገራት ጉጅለ 20 ዝተበጽሐ ስምምዕ፡ ድሕሪ'ቲ ኣብ መንጎ ክልቲኣን ጎረባብቲ ዝኾና ሃገራት ንኣርባዕተ ዓመታት ዝቐጸለ ዶባዊ ምስሕሓብ እዩ ዝበጽሐ ዘሎ።

ኣብዚ እዋን ዝምድና ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይናን ህንድን ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ከምዝርከብ ዝሓበሩ እቶም ሰበስልጣን፡ ምጅማር ቀጥታዊ በረራታት - ንንግዳዊ፡ ቱሪዝማዊን ባህላውን ልውውጥ በሪ ዝኸፍት ምኳኑ ኣመልኪቶም።

ኣብ ዝሓለፈ እዋን፡ ፕረዚደንት ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ሺ-ጂ-ፒንግ ከምኡ'ውን ቀዳማይ ሚኒስተር ህንዲ ናሬንድራ ሞዲ ኣብ ካዛን - ሩሲያ ኣብ ዝተኻየደ ዋዕላ ቁጠባዊ ውድብ ብሪክስ ኣብ ዘካየድዎ ቀጥታዊ ርክብ፡ ክልቲኣን ሃገራት ካብ 2020 ኣትሒዙ ኣብ መንጎኣን ተኸሲቱ ንዝጸንሐ ዶባዊ ምስሕሓብ መፍትሒ ክናድያሉ ከምእተረዳደኡ ይዝከር።

ቻይናን ህንድን ከም ጎረባብቲ መጠን፡ ካብ ፍልልያተን ንላዕሊ ብዙሕ ሓብራዊ ረብሓ ከምዘለወን ዝጠቐሰ ሚኒስተር ዋንግ-ጊ፡ ብሓባር ምስራሕ ኣብ ምዕባለ ክልቲኣን ሃገራት ዓቢ ተራ ከምዝህሉዎ ኣረዲኡ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ቅሳነት | 21/11/2024 | ጎደና ሓማሴን ቁ.45 ከባቢ ማይ ኣባሻውል | 110911 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565